ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.192 | ሰንበት 12 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 እቲ ገፋፍዓላንጋዳይን



ገጽ 4 ምሕደራ መዛግብቲ



ገጽ 5 ሓካይምንተሓከምትንሰውራ



ገጽ 6 ምልክታ

ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ፡ ብምኽንያት በዓል ትንሳኤ ቃለ ቡራኬ ሂቦም



ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ - 6ይ ፓትሪያርኽ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብምኽንያት በዓል ትንሳኤ ቃለ ቡራኬ ሂቦም።።

ንምእመናን ህዝበ ክርስትያን ብሓፈሻ፡ ኣብ ወሽጠ ሃገርን ወጻእን ንዘሎዉ ኤርትራውያንን ጀጋኑ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ድማ ብፍላይ "እንቋዕ ናብ በዓለ ትንሳኤ ኣብጽሓኩም ኣብጹሓና" ዝበሉ ኣቡነ ባስልዮስ፡ ንመንፈሳዊ ትርጉሙን ማሕበራዊ መልእኽቱን ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ ሰፊሕ መብርሂ፡ "ንእምነት ብዮብሪ ኣሸኒና ክንመላለስ" ከምዝበሃእ ገሊጾም።።

ኣቡነ ባስልዮስ ኣስዒቦም፡ እዚ ክቡር በዓል ትርጉም ክህልዎ፡ እንታይ ክንበልዕ፡ ክንሰትን ክንክደንን ካብ ዝብል ሲጋዊ ድሌት ነጻ ኳንና፡ ንሓድሕድና ብፍቕርን ለውሃትን ክንጸንዕን እናተሓጋገዝና ብሓባር ክነሕልፎን ብምዝኽኻር፡ ንዝሓመመ ምሕረት፡ ንዝሓዘኑ ኪኣ ምጽንናዕ ተመንዮም።።

(ምሉእ ትሕዝቶ ቃለ-ቡራኬ ኣብ 2ይ ገጽ ሰፊሩ'ሎ)

ኣስማጥ - ትምህርታዊ ደገፍ ውጽኢት ተረኺቡዎ

ተመሃሮ ኣሕዳራት ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣስማጥ፡ ዝግበረሎም ትምህርታዊ ሓገዝትን ግቡእ ምክትታልን፡ ኣብ ትምህርቶም ድፍኢት ከምዝፈጠረ ገለጸም።።

ንሶቶም ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ'ታ ቤት-ትምህርቲ ብመምህራናም ብዝግበረሎም ናብዮት ቡቲ ሓደ፣ ኣብ ትምህርቶም ለውጢ ንምምጻእ ዝኾደድ ጻዕሪ ድማ ቡቲ ካልኣ፡ ኣብ ትምህርቶም ምምሕያሽ ንኽምጽኡ ከምዝሓገዞም ሓቢሮም።።

ርእሰ-መምህር'ታ ኣሕዳራት ቤት-ትምህርቲ መምህር ኣሕመድ ዑስማን፡ ተመሃሮ ኣብ ዝድለ ብቕዓት ንምብጻሕ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ብሓፈሻ፡ ኣብ 8ይን 11ን ክፍልታት ድማ ብፍላይ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ደገፍ ብምግባር፡ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራታት ኩብ ንምባል ይሰርሑ ከምዝሎ ኣፍሊጠ።።

ብመንገዲ ምምሕዳራት ኩባኒ ምስ ወለዲ ቀጻሊ ርክባት ብምግባር፡ ኣብ ኣገዳስነት ትምህርትን ምዕባይ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮን ብዝለዓለ ደረጃ ሕሉፍ ምህላዉ'ውን፡ መምህር ኣሕመድ ወሲኹ ገሊጾ።።



ኣብ ኣሕዳራት ቤት-ትምህርቲ ኣስማጥ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ኩብ መላእ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ገለ ክፋል ንኡስ ዞባ ሓልሓልን ካልእ ኩባኒታትን ዝመጹ፡ ልዕሊ 1,200 ተመሃሮ ስሩዕ ትምህርቶም ይከታተሉ ኣለዉ።።



ዓሰብ - ንወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ንወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብ ስርሓም ዝሕግዞም ኣስተምህሮ፡ ኩብ 6 ክሳብ 9 ሚያዝያ ኣብ ኩተማ ዓሰብ ኣካይዱዩ።።

እቲ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ጠንቂታት ሳዕቤናት፡ ኣገባብ ምትሕልላፍን ምክልኻልን ሕማም ተበጊ፡ ሕማም ዓሉ ምክትታል ጥንሰን ሕርሰኡ ከም ዝመርሑ ሓበሬታ ዘሪቡ ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ዶ/ር ዓሊ ሓሎ ገሊጹ።።

ዕላማ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ንቕሓትን ኣፍልጦን ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ኣብ ምክትታልን ምቁጽጻርን ሕማማት ብምብራኹ፡ ኣብ ኩባኒኡም ዝርኣዩ ሕማማት ንምልላዮን ቅኑዕ ሓበሬታ ናብ ዝመልኦዮም ኣካላት ንምትሕልላፍን ከምዝኽእሉ ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባኾደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ ዝሃቦ መዘምሚ ቃል፡ እቲ ዞባ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘዳወብ ብምኹኑ፡ ስግረ-ዶባዊ ሕማማት ንምክትታልን ንምቁጽጻርን፡ ተራን ኣበርክቶን ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ወሳኒ ከምዝኾነ ኣጋህዚቡ።።

ዳህላክ - ተሳትፎ ኮም ኣብ መደባት ልምዓት ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዳህላክ ኣቶ ኣሕመድ ዓሊ በካልይ፡ ብ3 ሚያዝያ ምስ ነበርቲ ምምሕዳር ኩባኒ ኖራ ኣብ ዝገበሮ ርክቡ ብዞዕባ መደባት ልምዓትን ተሳትፎ ኮምን መግለጺ ሂቡ።።

ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕ ክቶዩድ ብዞዕባ ዝጸንሐ ጸዕሪን ገሲጋሱን መብርሂ ዝሃበ ኣቶ ኣሕመድ፡ ጸገም ዝሰዓ ጽሩይ ማይ ንምቅላል ይሰርሑ ከምዝሎ ኣብረሀ።።

ነበርቲ ተዋዲዱ ንዝሎ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብግቡእ ክጥቀሙሉን ክከናኸንዎን ብምዝኽኻር፡ ድማ፡ ትካላት ጥዕናን ትምህርትን ንምጽጋን ኣብ ዝግበር ዕማም ብንጥፈት ክዋስኡ ኣተሓሳሰቡ።።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ምምሕዳር ኩባኒ ኖራ ኣኪዶዲ ስራሕ ንምትካእ ምርጫ ከምእተኻየዱ፡ ኩብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።።

ኩብ ኩተማ ባጽዕ ንሽነኽ ሶሚናዊ ምብራቕ ኣስታት 60 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ ንኡስ ዞባ ዳህላክ፡ ብምግፋፍ ዓቡ ንግድን መጓዝን ህይወትን ዝመርሓ ልዕሊ 600 ስድራቤታት ይነብራኡ።።

ደቀምሓረ - ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላን ዓጽሚ ዓይኒን ተኻየዱ

ኣብ ሆስፒታል ደቀምሓረ፡ ናይ ምርኣይ ጸገማት ንዘለዉዎም 49 ዜጋታት፡ ብክኢላታት መጥባሕቲ ዓይኒ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላን ዓጽሚ ዓይኒን ተኻዪዱ።።

ኣብ'ቲ ንሰሙን ዝቐጸለ መፍረ ልዕሊ 650 ዜጋታት መርመራ ዓይኒ ከምእተኻየደሎም፡ ሚዲኳል ዳረክተር ሆስፒታል ደቀምሓረ ዶ/ር ዮሴፍ የማነ ሓቢሩ።።

እቲ መደባ ተገልገልቲ ኩባኒኡም ኪደረሓቹ ዝሕከሙሉ ዕድላት ንምፍጣር ዝዓለመ ከምዝኾነ ብምግላጽ ድማ፡ መጥባሕቲ ዝተገብረሉም ዘድሊ ኣፋውስ ከምእተዓደሉም ኣብረሀ።።

ኣብ መወዳእታ ዶ/ር ዮሴፍ፡ ዓይኒ ተኣፋፊት ህዋስ ስለዝኾነት፡ ንሕማማት ዓይኒ ከቕልዑን ኩብ ዝኾኑሉ ተርእዮታት ንምክልኻል፡ ዓይንና ብጽሬት ክንሕዝ ኩብ ደርናን ጸሓይን ንምክልኻል ድማ ቀቢዕን መነጽር ዓይኒን ክዝዘውተር መኺሩ።።

ርሑስ በዓል ትንሳኤ

ቃለ ቡራኬ በዓለ ትንሣኤ ጐይታናን አምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ።

በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ!

"እነ ወእቱ ትንሣኤ ወሕይወት፡ ዘኣምን ብየ እመኒ ሞተ የሐዩ፡ ትንሣኤን ሕይወትን እነ እዩ፡ እቲ ብኣይ ዝሐምእ. እንተ ሞተ እኳ ብሕይወት ክሐዩ እዩ" (ዮሐ. ፲፩፥፳፭ / 11፡25)

ክቡራንን ክቡራትን ምእመናን ሕዝበ ክርስቲያን፡ አብ ወሻቤ. ሃገርን ወጻእን እትነብሩ ኮልኽም ኤርትራውያን እንቋዕ ናብ በዓለ ትንሣኤ ጐይታናንን መድኃኒናን ኢያሱስ ክርስቶስ ብደሓነ ሰላም ኣብጽሓኩም ኣብጹሑኩም።

ቅዱስ ዳዊት ብመንፈስ ትንቢት አብ መዝሙሩ ምዕረፍ ፶፭ ቀጽሪ ፩ ኣቑዲሙ ንትንሣኤ ክርስቶስ ክበልጽ ከሎ "ይትነሣእ እግዚኣብሔር ወይዘረወ. ጸሩ፡ ማለት እግዚኣብሔር ይትንሣእ ጸላእቱ ከኣ ይብተኑ" ይብል። ቀዳስ ዳዊት እዚ ትንቢት ቅድሚ ሸሓ ዓመት ልደት ጐይታ ዝተናገሮ ኮይኑ፡ ጐይታናን መድኃኒናን ኢያሱስ ክርስቶስ ኣብዚ ዓለም ብሥጋ ተገለጸ፡ ጸዋትወ መካራ ተቛቢሉ፡ ምስ በደለኛታት ተቛጺሩ፡ አብ መንነ ክልተ ሸፋቱ አብ ቀራንዮ አብ ዕፀ መስቀል ተሰቒሉ ኮነ። ቀራንዮ ማለት እግዚኣብሔር ይትንሣእ ጸላእቱ ከኣ ይብተኑ" ይብል። ቀዳስ ጳውሎስ ንኽብልጽ ሓዋርያ ቀዳስ ጳወሎስ "ሕጂ ግና ኣብ ቀደም ርኡቓት ዝሸርጉም ጃኖኳክቱም ብኢያሱስ ክርስቶስ ብደም ክርስቶስ ቀሪቡኩም ንሱ ዝም ክልተ ሓደ ገበረ፡ ኔቲ ኣብ መንነ ገሸረ ከልኾለ. መንድቕ'ውን ዘፍረሰ ሰላምና እዩ ንኣኳክቱም ኮኖም ርኡቓን ገሸርጉም መጺኡ ሰላም ኣብሥረጉም" ይብል። (ኤፌ.፪፥፲፫-፲፰ / 2፡13-15)

ገኾረ በዓለ ትንሣኤ ኔቲ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢያሱስ ክርስቶስ መሰናይ መቓብር ኣጥፊኡ፡ መቓብር ክፈቱለይ መገዝ ፍትሑለይ፡ ከይበሉ ብኽቱም መቓብር ተንሥኡ። በኵሪ ትንሣኤና ገኾኣሉ ዕለት እዩ። ማቴ. 28፡ 1, ዮሓ. 20፡1።

ኔቲ ንኣና ብሰናበን ሥጋን ኣሚርና ገሸረ ሞት፡ ባርነት ዲያብሎስ ዝዘዓለም ገዝዓረሉ ዕለት እዩ።

ብሓፈሻ ትንሣኤ ክርስቶስ ድኃነት ዕብ ዝተፈጸመሉ፡ ኣብም ነጻ ዝወፅኡሉ ፍጻም ሓጎስ ዝተገናፀፉን፤ እቲ ዝዘዓለም ዘይጸፍ ዘዓለማዊ ፈልፋሊ. መንፈሳዊ ሕይወት ሰላም ገዙኣመጀሰ፤ ሲኦል ጥራሓ ተረፉ ሞው ኢላ ዘኽወጽነለ። ገኔ ገዙኾሸተለ፡ ገኔ መንሪ ቅዱሳን ገኾኣሉ፡ ሞግዜ ነፍሲ. ዘቦቐሙ ዕለት እዩ። 1ይ ቆሮ– 15፡1-ፍጻሜ, 1ይ ጴጥ– 3፡18-19። እዚ ንኣኡ ድኃነት ንዅሉ ነፃግዚ ዝተፈጸመ፡ ኣብ ሰማይ ዝተቐመጠ ክርስቶስ ኢየሱስ ጐይታ ኮይኑ ንዅሉ ኣሕዋት ኣኽብሮት ክህቦ ግቡእ እዩ። ፊልጵ. 2፡9-11።

ክርስቶስ ብትንሣኤኡ ሞት ሰዒሩ ሕይወት ገሊጹ ኣለኹ ኢሉ ጥራይ ኣይኮነን። ንሕና ኣብ ሞት ዘለና ከኣ ሕይወት ክንረክብ ከም ዝኽእል ኣርእዩና ኣሎ። ሞት ኣብ ክርስቶስ ተዋሒጡ ኣሎ። ኣብ ክርስቶስ ሞት ኣብ ዘይብሉ ሕይወት ኣሎ። ኣብ ክርስቶስ ሕይወት ኣብ ዘይብሉ ሞ

መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

እቲ ገፋፍ ዓሳን ነጋዳይን

ሓደ እዋን ሓደ ነጋዳይ ናብ ሓንቲ ካብ ንእሽቶ ገጠራት ኢጣልያ ብምኻድ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኮፍ ኢሉ ይዛናጋዕ ነበረ። ኣብ ማዕዶኡ ድማ ሓደ ተቐማጢ ናይታ ገጠር ተዛዊዱ ዓሳ ይገፍፍ ነበረ። ብቐሊል ኣገባብ ከኣ ብዙሓት ዓሳታት ይሕዝ ነበረ።

ብኣሰራርሓ ናይቲ ገፋፍ ዓሳ ኣዝዩ ዝተመሰጠ ነጋዳይ፡ ናብኡ ብምቕራብ፡ "ክንዲ'ዚ ዝኣክል ዓሳታት ክትገፍፍ ክንደይ ግዜ ይወስደልካ?" ኢሉ ሓተቶ።

"ብዙሕ ግዜ ኣይናዋሕን" መለሰ ነጋዳይ።

ብኩነታት ናይቲ ገፋፍ ዓሳ ዝተገረመ ነጋዳይ፡ "ኣብ ሓጺር ግዜ ክንዲ'ዚ ዓሳታት ክትገፍፍ ካብ ከኣልካስ፡ ስለምንታይ ተወሳኺ ብዙሕ ዓሳታት ዘይትገፍፍ?" በሎ።

"ብዙሕ ኣየድልየንን እዩ፣ ምኽንያቱ እዚ ገፊፈዮ ዘለኹ ንዓይን ንስድራይን እኹል እዩ። ተረፍ'ውን ንጎረባብተይ ክህቦም እየ" መለሰ።

ሕቶኡ ኸኣ ዝቐጸለ ዝበረ ነጋዳይ፡ "እሞ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ዓሳታት ካብ ገፈፍካ ደኣ እቲ ዝተረፈ ሰዓታት ናይታ መዓልቲ ኣብ ምንታይ ተሕልፎ?" ሓተተ ነጋዳይ።

ገፋፍ ዓሳ፡ "ንግሆ ካብ ባሕሪ ምስ ተመለስኩ፡ ንገዛይ ብምኻድ ምስ ብዓልቲ ቤተይን ደቀይን እዛናጋዕ። ቀትሪ ቀሩብ ኣዕረፍ፡ መጽሓፍ ኣንብብ። ኣብ ሰዓታት ናይ ምሸት ከኣ ምስ ኣዕሩኽተይ እዛናጋዕ፡ ጊታር እጻወትን እየርፍን" ደጊሙ መለሰ።

ሕጂ'ውን ብኩነታት ህይወት ናይቲ ገፋፍ ዓሳ ኣዝዩ ዝተደነቐ ነጋዳይ፡ ምኽሪ ክህቦ ጀመረ፡ "ኣነ ብንግዲ መማርግ ዶክተረይት ኣለኒ። ካብዚ ዘለኻዮ ንላዕሊ ዕዉት ንኽትኸውን ክሕግዘካ እኽእል'የ።



ካብ ሎሚ ኣብ ባሕሪ ብዙሕ ግዜ ክትጉበር ኣለካ፣ ሽዑ ብዙሕ ዓሳታት ትገፍፍ። ንዓኡም ሸይጥካ ብዙሕ ገንዘብ ምስ ኣከብካ፡ ዓባይ ጃልባ ትገዝእ። ዓባይ ጃልባ እንተ ሃልያትካ ኣዝዩ ብዙሕ ዓሳታት ኣብ ምግፋፍ ኣይክትሽገርን ኢኻ። ቀጺልካ ድማ ብዙሓት ንመግፈፊ ዝኾና ጃላቡ ብምዕዛዝ ናትካ ዓቢ ትካል ክትውንን ኢኻ። ኣብ ዓድኻን ሃገርካን ድማ ፍሉጥ ሃብታም ሰብ ክትከውን ኢኻ፣"

ንኹሉ ብዕቱቕ ክሰምዖ ዝጸንሐ ገፋፍ ዓሳ፡ "ብድሕሪኡ'ኸ . . . ?" ሓተተ።

ነጋዳይ ሰሓቑ እናተቖጻጸረ፡ "ድሕሪኡ ደኣ ልክዕ ከም ናብራ ንጉስ ክትነብር ኢኻ፣ ናትካ ትካል ክትውንን ኢኻ፣ ኣዚኻ ሃብታም ሰብ ድማ ክትከውን ኢኻ"

እቲ ገፋፍ ዓሳ ኣብ መወዳእታ ዝበሎ እናሓሰበ፡ "ድሕሪኡ'ኸ?" በሎ።

ነጋዳይ፡ "ድሕሪኡ ደኣ ጥሮተኛ ኮይንካ፡ ንግሆ ተንሲእካ እናተዛናጋዕካ ዓሳ ትገፍፍ፡ ካብኡ መጺእካ ምስ ደቅኻን ሰበይትኻን ትዛናጋዕ፡ ኣዕሪፍካ ድማ ምሸት ምስ ኣዕሩኽትኻ ትዛናጋዕን ጊታር ትጻወትን"

እቲ ገፋፍ ዓሳ ፍሽኽ እናበለ፡ "እዚ ደኣ እሞ ሕጂስ እንታይ 'ዶ ኣይተገበርኩን ዘለኹ፣ በዚ ዝነብሮ ዘለኹ ህይወት'ውን ሕጉስ'የ ዘለኹ" በሎ።

ሎሚ ብዘሎናን ብእንውንኖ ነገራትን ሕጉሳትን ዕጉባትን ክንኸውን እቲ ዝበለጸ እዩ። ብዙሓት ሰባት ስለ ዝሃብተምና ናብ መንገዲ ሓጎስ ኣዚና ዝቐረብና ዝመስለና ኣለና። ኣብቲ ብቐሊል ኣገባብ እንነብሮ ናብራ'ውን ሓጎስን ሰላምን ይርከብ እዩ።

ጀሲካ ኮክስ

ጀሲካ ኮክስ ኣብ 1983 ኣብ ኣመሪካ ዝተወልደት ድንቂ ጓል ኣንስተይቲ እያ። ንሳ ዋላ'ኳ ክልተ መሓውር ኣእዳው እንተ ዘይሃለዋ፡ ቀዳመይቲ እግራ ተጠቒማ ነፋሪት ከተብርር ዝበቕዐትን ኣብሊታዊት ስፖርተኛን እያ።

ጀሲካ ብሰንኪ ኣብ ውሑዳት ሰባት ዝርአ ጸገም እያ ብዘይ ኣእዳው ተወሊዳ። እንተ ኾነ ሰንክልናኣ ከይዓገታ ንኹሉ እትገብሮ ንጥፈታት ከም ብእግርኻ ምጽሓፍ፡ ኩሉ ዘቤታዊ ንጥፈታት ገዛን መኪና ምዝዋርን ብእግራ ገይራ ክትሰርሖም ኣይጸገማን። ኣብ ኮምፕዩተር ኣብ ሓደ ደቒቕ ክሳብ 25 ቃላት ብእግራ ክትጽሕፍ ትኽእል። ከምኡ'ውን ብእግራ ገይራ ኣብ ውሽጢ ዓይና ለንስ ክትገብር ፈጺሙ ዘይጽግማ ኣደናቒት ጓል ኣንስተይቲ እያ።

ኣብ 2004 ኣብ ቤት ትምህርቲ ምብራር ነፋሪት ድሕሪ ምምዝጋባ፡ ብውልቃ ንጽል ሞተረ ዘለዋ ነፋሪት ከተብርር በቒዓ። ኣብ 2008 ከኣ ፍቓድ መብረሪ ክትቅበል በቒዓ። እታ ዘብረረታ ነፋሪት ፍሉይ ኣሰራርሓ ዘለዋ ኮይና፡ ጀሲካ ብእግራ ንኽትዝውራ ከምትኽእል ኮይና እተሰርሐት እያ ነይራ። ኣብ 2019 ኮክስ ሓንቲ



ነፋሪት ብመልክዕ ህያብ ተቐቢላ። ንዘተዋህበታ ነፋሪት ድማ ኣብ መበል 30 ዓመት መዓልቲ ስንኩላን ኣመሪካ ንምጽንባል ተጠቒምላ።

ጀሲካ ኣብ 2005 ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣሪዞና ብዓውዲ ፈለዮሎጂ ብዲግሪ ክትምረቕ ክኢላ እያ፡ ብዘይካ'ዚ ኣብ ናይ ውሽጢ ባሕሪ ጥሕለቕት ፍሉይ ክእለት ኣለዋ።

ጀሲካ ኮክስ ኣብ መበል 10 ዓመታ ኣብቲ ትመሃረሉ ዝነበረት ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ካራቴ ክትሰልጥን ጀመረት። ኣብ መበል 14 ዓመታ፡ ቀዳማይ ጸሊም ቁልፊ ክትወሃብ በቒዓ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣሪዞና ምስ ኣተወት'ውን እዚ ሞያ ኣየቋረጸቶን። እቲ ቤት ትምህርቲ ከኣ መሓውር ኣእዳው ንዘይብሎም ተመሃሮ ንምሕጋዝ ብእግሪ ጥራይ ክጻወት ዝኽእል ካራቴ ንምምሃር ሓድሽ ካሪክለም ኣተኣታቲዩ። ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ከኣ ካልኣይን ሳልሳይን ጸሊም ቁልፊ ክትሕዝ በቒዓ። ኣብ መወዳእታ 2019 ከኣ ራብዓይ ጸሊም ቁልፊ ሓዚት።

ጀሲካ ታሪኽ ህይወታ ንብዙሓት ሰባት ንምንጋር ኣብ 26 ሃገራት ብምንቅስቓስ መደረታት ክትህብ ክኢላ እያ።

ጀሲካ ኣብ 2012 ምስቲ ኣብራሪ ነፋሪትን ናይ ካራቴ መምህራን ዝነበረ ፓትሪክ ቻምበርሊይን ተመርዓወት።

ጀሲካ ንስንኩላን ህጻናት ንኽትሕግዝ ድሌት ስለዝነበራ ኣብ 2017 ሓደ ዘይመኽሰባዊ ዓለምለኻዊ ማሕበር ከፈተት። ቀዳማይ ዕማም ናይቲ ማሕበር፡ ሓደ ናይ ዩትዩብ ቻነል ብምኽፋት "ህይወት ምስ መሓውር" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሓጸርቲ ኣተባባዕቲ ቪድዮታት ኮዓሉ ጀመረ። ቀዳማይ ክፋል ናይቲ ቪድዮ ጀሲካን ብዴይታን ብዘይ ኣእዳው ንህይወት ከመይ ከም ዝምክትኣ ዘርኢ ኮይኑ ልዕሊ 750 ሽሕ ሰባት ተኸታቲልቲ ዝረኸበ እዩ።

ካብ ባህላውያን ጽንብላት መርዓ

ናይጀርያ፦ እዛ ሃገር ብዝተፈላለዩ ቀቢላታት፡ ቋንቋታትን ባህልታትን ዝተመልአት እያ። ኣብዛ ሃገር ዝፍጸም ባህላዊ መርዓ 'የሩባ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። መርዓውቲ ኣብ በበይኖም ኣርባዕተ ነገራት ማለት ኣቻቶ፡ ለሚን፡ በርበረን ሽኮርን ይቕረበሎም። እዚ ጸንባል፡ መርዓውቲ ኣብ መላእ ህይወቶም ንዝኸፈልዎም ሕማቕን ጽቡቕን ነገራት ብሓንሳብ ክኸፈልዎም ከም ዘለዎም ንምምልካት ተባሂሉ ዝግበር እዩ። ኣብ ጽንብል መርዓ የሩባ፡ ኣሶኣቢ ወይ 'ናይ ስድራ ክዳን' ዝበሃል ንኣሰ ጽንብል ኣሎ። እዚ መርዓትን መርዓውትን ስድራ መርዓውትን መሓዙትን ኣብ መዓልቲ መርዓ ዝኽደንዎ ክዳን መሪጾም ዝሰፍዩሉ መዓልቲ እዩ።

ግሪኽ፦ መርዓውቲ ብዕምባባታት ዝተሰርሐ ኣኽሊል ኣብ ርእሶም ይገብሩ። ካህናም ቃል ኪዳን ምስ ኣእሰርዎም፡ ሪባን ቀሪጾም ምስ ስድራቤቶምን ፈተውቶምን ብምኻን ነቲ ዝተዳለወ ሽሻይ ይቋደሱ። ድሕሪ ጽንብል መርዓ ነፍሲ ወከፍ ተሳታፊ ጽንብል መርዓ ሰማያዊ ጻዕዳ ወይ ርዛ ሕብሪ ሪባን ዘለዋ ንእሽተይ ካርድ ይዕደል። እዘን ንኣሽቱ ካርድታት ህያብ ዘይትና፡ እዚም ተሳተፍቲ፡ መርዓውቲ ሃይማኖታዊ በረኸ ከምዝወሰዱ ማሰኻኽር ከምዝኾኑ ንምግላጽ እዩ።



መክሲኮ፦ ጽንብል መርዓ መክሲኮ ሕውስዋስ ናይ መክሲካውያን ደቀባትን ባህሊ ስጳኛን እዩ። ኣል ላዞን ላስ ኣራሰን ዝበሃሉ ጽንብላት የካይዱ። ኣል ላዞ ካብ ዕንቊ ባሕሪ ሓደ ገመድ ብምስራሕ ብቑጽሪ ሸሞንተ ቅርጺ ብምትሓዝ መርዓውቲ ቃል ኪዳን ኣብ ዝኣስሩሉ ግዜ ኣብ ዙርያኦም ይገብርዎ። እዚ ዘልኣለማዊ ሕብረት ናይ ምህላው ምልክት እዩ።

ጽንብል ላስ ኣራስ ድማ 13 ናይ ወርቂ ሰናቲም ኣብ መዓልቲ መርዓ ንመርዓዊ ዝወሃባ እየን። መርዓዊ ነተን ኣዋርቕ ብኣእዳዉ ብምሕዋስ ንመርዓቲ ይህባ። ንሳ ድማ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከምኡ ብምግባር ትመልሰሉ። እዚ ምልውዋጥ ብዙሕ ትርጉም እዩ ዘለዎ። እዘን 13 ኣዋርቕ ሰናቲም ድማ ንሃብትን ብልጽግናን ከምዝውክላ ይገልጽ።

ኣየርላንድ፦ ደቀባት ኣየርላንድ ሓደ ካብቶም ጥንታዊ ኤውሮጳዊ መርዓ ዘተኣታተዉ ህዝቢ እዮም። ኣብ መዓልቲ መርዓ ድማ ንኽልቲኦም መርዓውቲ ኣብ መጻጥቅኦም ብሕብራዊ ሪባን ይኣስርዎም። እዚ ድማ ምልክት ዘልኣለማዊ ሕብረት እዩ።

እንግሊዝ፦ መርዓት ኣብ ግዜ መርዓኣ ጻዕዳ ክዳን ምኽዳን ኣብ ግዜ ንግስቲ ቪክቶርያ እዩ ጀሚሩ። ጻዕዳ ሽሎ ንድንግልና ዘይተነካ ንንጽህና ከም ዘመልክት ይግለጽ። ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝበዝሐ ግዜ እቲ መርዓ ብናይ ቁርሲ መደብ ዝዛዘም ኮይኑ ቀጺሎም እቶም መርዓውቲ ብሓንሳብ ቶርታ ከምዝቖርሱ ይግበር። ኣብ መወዳእታ ድማ እቶም መርዓውቲ ብሓንሳብ ኮይኖም ይስዕስዑ። እታ መርዓት ነታ ኣብ ኢዳ ዘላ ዕምባባ ናብተን ዘይተመርዓዋ መሓዙታ ትድርብየ፡ ቀዲማ ዝቐለበታ ድማ ቀጺላ መርዓት ከም ትኸውን ይኣምኑ። እቲ ናይ ቁርሲ መደብ ሓንሳብ ዝዋበር ኮይኑ፡ ኣብቲ መርዓ ዝኾነ ተራ ዝበሎ ድማ ይሳተፍ።

ካልእ ንግስቲ ቪክቶርያ ዘተኣታተወቶ ድማ፡ መርዓት ኣብ ሓንቲ ጫማኣ ሳንቲም ክትገብር ዝብል ነበረ። እዚ ሃብቲ ከም ዘምጽእ ይእመን ነበረ።

ካብ ባህርያት ደቂ ኣንስትዮ

ክኢላታት ብዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን እዚ ዝስዕብ ፍልልያት ከም ዝረኸቡ ይገልጹ፦

- ዝለዓለ ብልሒ ሓንጎል ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ቀልጢፈን ጾታዊ ዝምድና ኣይምስርታን እየን።
- ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ተባዕትዮ መሓዙት ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ፡ ሕጉሳትን ነዊሕ ዕድመ ከምዝነብራን ይግለጽ።
- ደቂ ተባዕትዮ ሕፍረት እንተ ተሰሚዑዎም ንላዕሊ ወይ ድማ ንጎድኒ ይጥምቱ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ርእሰን የድንና ከምኡ'ውን ምስ ጸጉረን የዕልላ።
- "ይቕረታ፡ ተጋግየ" ዝብሉ ቃላት ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ደቂ ኣንስትዮ ይጥቀማሉ። ናይዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዘረባኣን ወይ ጉዕዞኣን ዝተጋገያ ኮይኑ ስለዝስምዖን እዩ።
- ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብምንጽጻር፡ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ስምዒታውያን እየን።
- ደቂ ኣንስትዮ ንኽወስና ብዙሕ ግዜ ይወስደለን። ሓንሳብ ምስ ወሰና ግና ካብኡ ምንቅ ኣይብላን እየን።
- ደቂ ኣንስትዮ ጸቕጢ ምስ ዝስምዐን ካብኡ ንምህዳም ምስ ሰባት ክሕወሳ ከዕልላን ይደልያ፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ብኣንጻሩ ካብ ሰባት ብምርሓቕ ንበይኖም ክኾኑ ይደልዩ።
- ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ሓሳባተን ሓቢረን የሰላስላ።
- ደቂ ኣንስትዮ ብሓደ ነገር ምስ ዝጉህያ ወይ ምስ ዝሓርቓ፡ ንቐረባአን ዘሎ ሰብ የዕልላ። እቲ ሰብ ጸገ ኢሉ ምስ ዝሰምዐን ድማ እቲ ዝጸንሐን ሕማቕ ስምዒት ይጎድል።
- ደቂ ኣንስትዮ ንሓድሕደን ከይተዛራረባ ብናይ ገጽ ምልክት ጥራይ ክረዳድኣ ይኽእላ።



ምሕደራ መዛግብቲ

ብዜት ጽሕፈት ካዳስተር - ሚ/መ/ማ/ኣ ዝተዳለወ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

4. ኣሰራርዓን ስርዓተ-ምምሕዳርን መዛግብቲ/ሰነዳት

ኣርካይቭ ካብ ቤተ-መዛግብቲ ዝፍለየሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ንታሪኻዊ ወይ ምርምራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም መዛግብቲ ስለ ዝዕቅብ እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ቤት መዛግቡ ሕጋዊ፣ ምምሕዳራዊ ወይ ፋይናንሺያዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ንጠፋትን ዘይንጠፋትን መዛግብቲ ይተሓዙ። እዮም ሕጋዊ፣ ምምሕዳራዊ ወዘተ ኣገዳስነት ዘይብሎም ሰነዳት ከም ዝዓንዉ. ክግበር ይግባእ። እንተኾነ፣ ዛጊት ንኣርካይቭ ዝምልከት ዝወጸ ሕጊ የልቦን።

ሰነዳት ብክመይ ይስርዑ ምግላጽ የድሊ። ኣሰራርዓ ሰነዳት፣ ከም ባህርያቶም ብኣሰማት፣ ኣርእስቲ፣ ቦታ፣ ኣሃዝ (ቁጽሪ)፣ ዕለት፣ ወይ ብጉዳይ ክስርዑ ይኽእሉ። ዝኾነ ቅጥዒ ተጠቒምዎ፣ ኣገባብ ዝሓለወን ትኽክልን፣ ከምኡ'ውን ሓደ ዓይነት (ዘይቀያየር) ክኸውን የድሊ። ደረጃኡ ዝሓለወ ሓደ ዓይነት ኣገባብ ምኽታል፣ ዕቱብ ቁጽጽር ንምርግጋጽ፣ ቅዳሓት ንምውሓድን ቁጠባ ናይ ቦታን መሳርሒታትን ንምውሓስ ብውሑድ ሰራሕተኛ ብቑዕ ኣገልግሎት ንምሃብን ምሕደራ መዛግብቲ ንምብራኽን ረብሓታት ስለ ዘለዎ፣ ብደረጃ ሃገር ሓደ ማእከላይ ቤት መዛግብ ካዳስተር ክህሉ የድሊ።

መዛግብቲ ብክመይ ከም ተማሕድር (ወይ ትሰርዕ) ክበርህ የድሊ። ኣገዳስነት ስርዓተ- ምምሕዳር መዛግብቲ (filing system) ዕዙዝ እዩ። ዝኾነ ትካል ካብ ወሽጡ. ይኹን ካብ ግዳም ናይ ጽሑፍ ርክባት-ብመልክዕ ደብዳቤ ይቓይቕ ኣኼባታት፣ መምርሒታት፣ ካልኦት ሰነዳት ወዘተ ኣለዎ። ምስ ምስፋሕን ምዕባለን ስራሕ ከኣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበዝሐ ይኸይድ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ኣተኣላልያ መዛግብቲ (ሰነዳት) ዋንኛቕቑ ዘድልዮም፣ ከም ሰነዳት ካብ ሓደጋ ምክልኻል፣ ንስራሕ ኣብ ዘድልዩሉ ብሰሉጥ ዘይምርኻቡ ሓደስቲ ጽሑፋት ብዘቑለለን ዝቑልጠፈን ኣብ ቦትኣም ንምቕማጥ ዘኽእል ጽፈት፣ ዋጋን ጉልቡን ኪይጥኽን ምክልኻልን ምክንኻንን ሰነዳት ወዘተ ኪጥሙ ይኽእሉ።

ዝም ሸግራት ንምውጋድ እቲ ዝሰማማዕ ኣገባብ ምምሕዳር ሰነዳት ክንጥቀም ንኽእል። እዮም ኣገባባት ብኾምፑተር ኣብ ግብሪ ንጥቀመሉምን ንቆጻጸርዎምን ቅድሚ ምዝርዛርና ግን እንታይ ጥቅምን ጉድኣትን ከምዘለዎም ክንርዳእ ይግባእ። ድሕሪ ብቑዕ መረዳእታ ምምሪጽ ኣገባብ ኣድላይ እዩ። ምኽንያቱ፣ ነፍሲ ወከፍ ኣገባብ ሃናቱ ብልጫን ድክመትን ስለ ዘለዎ። ቅድሚ ምወሳንና፣ ብዝሕን ዓይነትን ሰነዳትና ምፍላጥ፣ ኣጠቓቕማ ሰነዳት ከመይ'ዩ፣ ብክመይ ክንዕቅቦ ንደሊ፣ ንውሓት ዝዕቀቡሉ ግዜ ኣብ ግምት ክንኣቱ የድሊ። መዛግብቲ፣ ብግቡእ ምዕቃቦም ንምርግጋጽ ዕቱብ ክትትልን ቁጽጽርን መዛግብ ኣታዊ፣ መዛግብ ወጻኢ ምግባር ኣድላይ እዩ።

ተሓዝቲ መዛግቡ ተራ መዛግብትን ዓቕብትን መዛግብ ቀለል ኣይተሃንፁ። ተሓዝቲ መዛግቡ ቡቲ ዓውዲ ዝማዕበሉን ዝሰልጠኑን ክኾኑ ኣለዎም። ተሓዝቲ መዛግቡ እዞም ዝሰዕቡ ሓላፍነታት ኣለዎም፦

- ካብ'ቶም ቡብእዎ ዝተኣከቡ መዛግብቲ፣ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘለዉን ካቡቶም ንሃዲሕ ዝዕቀቡን ኣገደስትን ፈሊጎ ናብ ኣርካይቭ ምስግጋር።

- ኣብ ምሕደራ መዛግብቲ፣ ዕድመ ምሉእ ዝሸፍኖኡን ዘማሕድሩን ስለ ዝኾኑ ንተጠቀምቲ ብኣገባብ ምዕዳልን ክምለስ ዘለዎ ብሰሉጥ ኣብ ግዜኡ ምምላስን ኣብ ቦትኡ ምዕቃብን ዕለታዊ ስራሖም ምኹኑ ክርድኡ ይግባእ።

- ስራሓት ኣብ ዝግማመሙሉን ኣገዳሲ ውሳነታት ኣብ ዝህቡሉን ዓቢ. ተራ ከም ዘለዎም ምግንዛብ።

- ንትካሎም ተመኻሮታት ኣብ ምውራስን ከም መወከሲን ንብምሉኡ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ዘገደስ መጽናዕቲ ድማ ዓቢ. እኛም ከም ዘለዎም ዘይምዝንጋዕ።

ተሓዝቲ መዛግቡ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ሓላፍነታት ስለ ዝሸከሙ፣ እዞም ኣብ ታሕቲ ዝግለጹ ነጥብታት ኣብ ግምት ክእትዉ ይሕተቱ፦

- ጽፍፍ ኣተሓሕዝ ምዝውታር፣ ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ከም ዝወሃብ ምግባር።

- ኪጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታት ከም ምዕናው፣ ምጥፋእ፣ ብቀለሉ ዘይምርኻብ ወዘተ ኣብ ግምት ኣእትዮም ክስላኸሉ።

- መዛግቡ መወከሲ ናይ ሕሉፍ ብምኹኑ፣ ቅድሚ ምዕቃቡ መዕቀቢ ቦታ ዘተኣማምንን ብቑዕን ምኹኑ ምርግጋጽ የድሊ።

ተሓዝቲ መዛግቡ ዕማማቶም ኣብ ምፍጻሙ ዝም ዝብዕቡ ሰነ-ምግባር (ethics) ክኽተሉ ይግባእ፦

- ንሕብረተ-ሰብ ናይ ምግልጋል ሓላፍነት

- ብምሉእ ዓቕሞም ኣብ ስራሖም ውፉያት

- ንዘይ ጽፍፍ ኣተሓሕዝ ተሓተትቲ ምኹናም ምርዳእ

- ናይ ጾታ፣ ዓሌት፣ ብሄር፣ ሃይማኖት፣ ዕድመ፣ ሃገር ወዘተ ኣፈላላይ ብዘይምግባር ብማዕረ ምግልጋል

- ኣብ ስራሕ ቅኑዓትን እመናትን፣ ምስጢራውያን፣ ንሕማን ድስኘሊን ስራሕን ምእዘዛት፣ ግዱሳት ወዘተ ዝህሰራኦም ክኾኑ ኣለዎም።

5. ዲጂታላዊ ምሕደራ መዛግብቲ

ዘበንና፣ ዘበን ተክኖሎጂ ስለ ዝኾነ፣ ኣተዓቓቕባን ምሕደራን መዛግብቲ ምስ ምዕባለ ክሸንም ስለ ዘለዎ፣ ናብ ዲጂታላዊ ምሕደራ መዛግብቲ ምስግጋር ግድነት እዩ። ኣተሓሕዛ መዛግብትና (ሰነዳትና) ካብ ናይ ወረቐት ስራሕ ኪይወጸ እዩ ጸኒሑ። ብዘሐ. ዘለዎ ናይ ወረቐት መዛግብቲ ክትዕቅብ ዘኽእሎ ጸገባት መዐቀቢ ቦታ ቀለል ኣይተሃንፁ። ውሕስነት ናይ ብወረቐት ዝተዓቀበ መዛግብቲ ንምርግጋጽን ስሉጥ ኣገልግሎት ንዓምዒል ንምሃብን ሰነዳት ናብ ዲጂታል ሓበሬታ ምቕያር እዋን ዝጠልቦ እዩ። ከም'ቲ ዝተዛሰለ ዘበንና፣ ዘበነ ተክኖሎጂ ብምኹኑ መዛግብቲ ናብ ምኽያነ (ዲጂታል ሓበሬታ) ክሊጋገሩ ኣለዎም። ምስግጋር ካብ ወረቐቕቲ ናብ ዲጂታል ሓበሬታ ('ኒምፕዩትራዘሽን') ዕቱብ መጽናዕቲ ዝሓትት እዩ። እቲ ስራሕ ኩብደት ኣለዎ። ኣየኖት ቀንዲ ሰነዳት ሰነን ተገይርም ናብ ዲጂታል ሓበሬታ ይቐየሩን ምስ ዳታ-ቢዝ ይተኣሳሰሩን ክጸንዑን ክልለዩን ኣለዎም። ድሮ ልዕሊ. 12,000 ዘይንቀሳቐሱ ንብረት ተለልዩም ሰነን ብምግባር ናብ ዲጂታል ሓበሬታ ተቐይሮም ኣለዉ። ከም'ቲ ነዊሕ ጉዕዞ ብሓደ ሰንጭቲ ዝጅመር፣ እዚ'ውን ተጀሚሩ ኣሎ። ኣብ'ዚ 4-5 ዓመታት ንኽውዳእ ትጽቢት ይግበር።

6. መረጋገጺ ዓይነት (quality) ሓበሬታ

ትካላት፣ ሰራሕተኛታት መዛግብ ብሰሩዕ ከሰልጥኑን መሓደሲ ስልጠና ክውድቡን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ምሕደራ መዛግብትን ዓይነት ሓበሬታን ምዕቃቦም ንምርግጋጽ ዕቱብ ክትትልን ቁጽጽርን መዛግብ ኣታዊ፣ መዛግብ ወጻኢ ምግባር ኣድላይ እዩ።

ተሓዝቲ መዛግቡ ተራ መዛግብትን ዓቕብትን መዛግብ ቀለል ኣይተሃንፁ። ተሓዝቲ መዛግቡ ቡቲ ዓውዲ ዝማዕበሉን ዝሰልጠኑን ክኾኑ ኣለዎም። ተሓዝቲ መዛግቡ እዞም ዝሰዕቡ ሓላፍነታት ኣለዎም፦

- ካብ'ቶም ቡብእዎ ዝተኣከቡ መዛግብቲ፣ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘለዉን ካቡቶም ንሃዲሕ ዝዕቀቡን ኣገደስትን ፈሊጎ ናብ ኣርካይቭ ምስግጋር።

- ኣብ ምሕደራ መዛግብቲ፣ ዕድመ ምሉእ ዝሸፍኖኡን ዘማሕድሩን ስለ ዝኾኑ ንተጠቀምቲ ብኣገባብ ምዕዳልን ክምለስ ዘለዎ ብሰሉጥ ኣብ ግዜኡ ምምላስን ኣብ ቦትኡ ምዕቃቦምን ዕለታዊ ስራሖም ምኹኑ ክርድኡ ይግባእ።

- ስራሓት ኣብ ዝግማመሙሉን ኣገዳሲ ውሳነታት ኣብ ዝህቡሉን ዓቢ. ተራ ከም ዘለዎም ምግንዛብ።

- ንትካሎም ተመኻሮታት ኣብ ምውራስን ከም መወከሲን ንብምሉኡ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ዘገደስ መጽናዕቲ ድማ ዓቢ. እኛም ከም ዘለዎም ዘይምዝንጋዕ።

ተሓዝቲ መዛግቡ እዞም ዝሰዕቡ ሓላፍነታት ኣለዎም፦


- ካብ'ቶም ቡብእዎ ዝተኣከቡ መዛግብቲ፣ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘለዉን ካቡቶም ንሃዲሕ ዝዕቀቡን ኣገደስትን ፈሊጎ ናብ ኣርካይቭ ምስግጋር።

- ኣብ ምሕደራ መዛግብቲ፣ ዕድመ ምሉእ ዝሸፍኖኡን ዘማሕድሩን ስለ ዝኾኑ ንተጠቀምቲ ብኣገባብ ምዕዳልን ክምለስ ዘለዎ ብሰሉጥ ኣብ ግዜኡ ምምላስን ኣብ ቦትኡ ምዕቃቦምን ዕለታዊ ስራሖም ምኹኑ ክርድኡ ይግባእ።

- ስራሓት ኣብ ዝግማመሙሉን ኣገዳሲ ውሳነታት ኣብ ዝህቡሉን ዓቢ. ተራ ከም ዘለዎም ምግንዛብ።

- ንትካሎም ተመኻሮታት ኣብ ምውራስን ከም መወከሲን ንብምሉኡ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ዘገደስ መጽናዕቲ ድማ ዓቢ. እኛም ከም ዘለዎም ዘይምዝንጋዕ።





ትካላት፣ ሰራሕተኛታት ብቑዕ ስልጠናን መረዳእታን ንምፍጣር ብዘዕባ መዛግቡ ኣጠቓቕማ፣ ዕቃቡ ብቑዕ መረዳእታ ከም ዘለዎም ከረጋግጻ ኣብዞም ዝሰዕቡ ጸቒጠን ክስተገብራ ኣለዎን፦

- እንታይ ክምዝገቡን ብክመይ ክምዝገቡ ከም ዘለዎን

- ስለምንታይ ይምዝገቡዎ ከም ዘለዉ.

- ክዉንነት (ሓቂ) ካብ ርእይቶ ክፈልዩን ብክመይ ንሓበሬታ ዝደግፍ ርእይቶ የቕርቡን

- ብቑዕ ሓበሬታ (መወከሲ) ዘለዎ ይዕቅቡ ከም ዘለዉ. ምርግጋጽ

- ጌጋታት ምስ ዘጋጥሙ ብክመይ ተለልዮምን ትእርምምን፣ ብክመይ ጸብጻብ ጌጋታት ከም ዘቕርቡን

- ኣብ መዛግብ ዝርኸብ ሓበሬታ ንምንታይ ከም ዝጠቅም ክርድኡ፣ ከምኡ'ውን

- ሓበሬታ ብክመይ እዋናዊ ትንብሮን ኣብ ካልእ ምንጪ. ትውሰኽሉን ግንዛበ ክሕድሩ።

7. ምሕደራን ብሉጽ ተግባራት ምሕደራን ኣርቺቭ (ኣርካይቭ)

ምሕደራ ኣርቺቭ ኣገዳሲ. ክፋል ናይ ሓደ ውድብ ወይ ትካል ስርዓተ ሓበሬታ እዩ። ትካላት፣ ኣርቺቭ ንሃዲሕ ዝጠመተ ውሕስነት ክህልዎ ብዕቱብ ክሕዝኡ ኣለዎን። ምሕደራ ኣርቺቭ፣ ሞያዊ ተግባር ምቕሳም፣ ምምሕዳር፣ ትኽክል ምኹን ምዕቃቡን ኑዮም ጭብጠታት ናይ ትካል ወይ ውልቀ-ህይወትን ስራሕን ኣብ ጥቕሚ ከም ዝውዕሉ ምግባር። እዮም ጭብጠታት ንክልተኡ፣ ኣብ ወረቐትን ኤለክትሮኒክን ዝተመርኮሰ መዛግብቲ ከገልግሉ ይኽእሉ።

ምሕደራ ኣርቺቭ ንትካላት ዓቢ. ብድሆ እዩ። ንሸግራት ስዒርካ ብክመይ ኣርቺቭ ትዕቅብን ብሉጽ ተግባራት ትኽተልን ወሳኒ እዩ። ሸውዓት ብሉጻት ሕላገታት ኣርቺቭ ኣለዉ። ንዮም ከኣ፦

1. ምርዓም ብቑዕ ቅርጺ. ዘለዎ ስርዓተ ኣርቺቭ፣ መሰረት ናይ ብቑዕ ዝተኸዘ ሓበሬታ ስለ ዝኾነ።

2. ዘየድልዩ ዳታ ምኽዛን ምውሓድ፣ ኣብ ሰርሸር ዝኽዘን ዳታ ክውሕድ ኣለዎ። ዘየድልዩ ቅዳሓት ምውጋድ።


3. ፍታሕ ኣብ ኣከፋፍላ-ፋይላት ምህላው። እዚ. ብፍላይ ብዝሐ. ዓምዒል ተጠቀምቲ ኣብ ዝህልወሉ፣ ስሉጥን ዘተኣማምንን ኣከፋፍላ ሰነዳት ኣድላዩ እዩ።

4. ኣገባብ ስርዓተ-ቁጽጽር፣ ሰባት ንኣርቺቭ ኣብ ዝጥቀሙሉ፣ ካልኣ ኣገዳሲ. ክጥቀምሉ ዘድለ. ሰነድ ክዕቀብ ወይ ክትኣእ ዘድልዮ ሰነድ ንምትኣእ ክሕቡሩ የድሊ።

5. ውሑስ ኣርቺቭ፣ ክዕቀብ ዘተደልየ ሓበሬታን ዳታን ከም ዝተዓቀበ እተረጋገጸሉ ኣገባብ ምህላው።

6. ወቕታዊ ቁጽጽር ሰርሸር፣ ብሰሩዕ ብዘይ ዝኾነ መሰናኽል ስራሕ ንምቕጻል ሰሩዕ ቁጽጽርን ምግምጋምን ሰርሸርን ዳታን ይሓትት።

7. ዓሚቕ ፍልጠት ኣብ ዕቃብ ዲጂታል ሓበሬታ፣ እቲ ዝበለጸ መገዲ ምምሃር ብዘዕባ ጥበባት ኣርቺቭ ካብ መጻሕፍቲ፣ ዝወሃብ ስልጠና፣ ምንኩቢን ተመኻሮ ምልውዋጥን እዩ። በዚ ዓቕምኻን ኣበርክቶኻን ከም ዝዓብ. ትጉበር።




ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

እዚ ዎምዲ’ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ወልቃዊ ትዕዝቢትታት፡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝዘጸሕፈ መጽሓፍትን መጽሔታትን ቃለ መጠይቕታት፡ ነዊሑ’ውን ካብ ኣርኣያ ቨስ ጨ/ኦኤሊ ሚ/ ዜናን ካልኣን ዝተረኽበ ሰኬልታትን ሰነዳትን ምርኻብ ብምግባር ዝዓለመ ምኹኑ ኣቐዲምና ዝገለጽናሉ ።

ሕክይምን ተሕከምቲትን ሰውራ



ተኻሲተ መስፍን ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ብሌቓት (28-2-1975)

ቀዳማይ ክፋል

‘ናቕፋ ኣብ መባል 49 ዓመተ ልደታ’ ብዘብል ኣርእስቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ 29 መጋቢት 2026 ዝወጸት ጋዜጣ ሓዳነ ኤርትራ፡ እቲ ናይ መጀመርታ ምስ ምጅማር መጥቃዕቲ ናቕፋ፡ 17 መስከረም 1976 ብኽብድ ኩበጹ ዝዛዝመን መዓናጠኡ ዝዘርገረሉን ድሕሪ መውጋኢቲ ድማ ኣብ ሰንዶሮ ጠፍሽ ዕወት መጥባዕቲ ዝዘኸሩደሉን ክሳብ ሎሚ ብህይወት ዘሎ’ዩ ተጋዳላይ ተኽስተ መስፍን ነዋይ ሰውራ ኤርትራ ንድሕሪት ክንኣመልኽኩም፡፡

ብዘወ ኣየም ቀዳማት ኣብ ሰላሳታት ዝዘመኹን ኣኢጋግም ዝዘዀርሰን ተጋደልቲ ምስቲ ደሓር ዝሰየጠን ካብ ሜዜ ናብ ሜዜ እናማዕበለ ዝኸይድ ዝመረ ሕቶምና ሓኪይምና ከሸጽሮ ከለና፡ ብሓቂ እቲ ፍልልይ ሰማይን ምድርን እንተተባህለ’ውን ምኹና ኣይዛሃን፡፡ ዝ. ዝምልከት ድማ ካብቲ ኣብ መጽሔታት ሓጠን 1996/1997 ዝወጸ ዓንቶት ነም መሳሰሊ ምስእንርኢ፡ ኣብቲ መድረኽ’ቲ ምዕባለ ሕቶምናን ሓኪይምን ተሓጉትን ሰውራ ኣብ ነመይ ነኮነት ነም ዝመረ ክንፈልጥ ኣይሽኮርን፡፡

ቅድሚ ነዋዚ ናይ ወዲ መሳፍን ናይ መዓናጠን’ከበድን መጥባዕቲ ምርኣይና፡ ብዘወ መቑሪጽቲ እዋን ሰላታትን መጀመርታ ሰብዓታትን ምርኣይ ኣንዳሲ’ዩ፡ ምኽንያቱ መቑሪጽቲ እዋን ወይ ኢድ ካብቲ ኣብቲ ተኸቃፊ ኣኣሳት ወዲ ሰብ ዝኾነ ከበድን መዓናጠን ዝገመር ካልኣ መጥባዕትታት ዝቐለለ ክኸውን ይኽእል፡፡ ዝቐለለ ዝኾነ ድማ እቲ ክፍሓሰ ወይ ክሕሕም ዝድለ ኣኽል ቀረጻ’ውን ክትኣልዮ ትኽእል ኢ’ኻ፡፡

ኣብ ብረታዊ ቃልሲና፡ እሞም ዝዘቐርኹ ሰለስተ ቀዳሞት ተጋደልቲ ነም ኣብቲ እንተ ረኣና፡ ኣብ 1969 ዓ/ሽም ዕመር፡ ኣኽል ሰለሳዊ ሓድነት ኣብ ነበጊ ግመየት ራብዩይ ርኹሱ ምስ ተመዝኩ ናይ ሸው ኢ/ር ሓኪም፡ ሚርማይ ከፈለን ክልተ ካልኦት ተጋደልትን ብምመልኪ ጸዓናም ናብ ቅሮራ ክወስድዎም ተመዚዙ፡፡ ናይ ዓ/ሽም እግሪ ትብሎን ሸታ ትንብርን ሰለ ዝበረገ፡ ብዘይ ዕረፍቲ ከኣ ብቓዝ ምስ ተቐቕኣ ሚርማይ “ህይወትካ ክትድሕን እሞርካ ክትቁረጽ ኣለዋ” ናይ ፈለማ እግሪ ተጋዳላይ ዝዘቐርኾሉ ነይሩ፡፡

ሸው ዓ/ሽም እሞኡ ምስ ተቐርጸት፡ “ክፉል እግረይ ዝዘቐብረትሉ ቦታ ኣለልየለይ” በሉም፡ ድሕሪ’ዚ ዓ/ሽም ናብ ሱዳን ከይዱ፡፡ ካብ ሱዳን ድማ ናብ ሶርያ ቀጸለ፡፡ በዚ ድማ ዓ/ሽም ናይ ሰውራ ኤርትራ ፈለማይ እሞኡ ዝዘቐርኣ ተጋዳላይ’ዩ፡፡ ዝ. ንሱን ሚርማይን ብቓለ መጠይቕ፡ ኣብ መጽሔታት ሓጠን ቁጽሪ 4/1996ን ቁጽሪ 6/1997 ገለጾሞ ኣለዉ፡፡

ካልኣ ኣብ ሚያዝያ 1975 ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ብዛዕባ መስመር ኤስኤትሮክ ኣስመራ ንምብታኽ ኣብ ዝደዩዎ ሽርሒት፡ ብርክ ፍሰኾ ዝተዛህለ ኣኽል ተሓኤ እሞኡ ተዛሪመ፡፡ ክሳብዞም ናብ ክፍሊ ሕቶምና ህዝባዊ ሓይልታት ባቑስ መጹ፡፡ ደንገዩ ሰለ ዝመጸን እሞኡ ጋዎሪን ብምግባሩን ክትቁጽጽ ነይሩዎ፡፡ ሰለ ዘይተኣማመሳ ፍቓደኛ ክኸውን ተደናገዩ፡፡ ጋዎሪን እናሰፍሑ ገቑሪጸሉ ቦታ ደሞ እናሰዓለ ኸይዱ፡ ሸው ዶክተር ብኽምት ኣሕመድ ብዘመርሑ ብዘይ ሕቶምናዊ ካራታት ልዕሊ 5 ሰዓት ገመሰደ ምሕርሓር ሳዕሚ ዕወት ኮይኑ፡፡



ተጋዳላይ ተኽስተ መስፍን (2026)

በጽሑ፡ ኣብ ብሌቓት ምስ በጽሑ ብዕለት 28/2/1975 ሰኡማምን ታሪኽ ህደውየምን ተመዝጊቡን ተሰኒዱን፡፡ ድሕሪ’ዚ ታዕሊምን ፖለቲካዊ ትምህርቲን ጀመሩ፡፡

ከኒታት ክፍሊ ታዕሊም ኣቡቲ እዋን’ቲ ሕማቕ ነይሩ፡ መሳይን ዝዝልል ኣይነበረን፡ ከሉ ሰኣም ብቓፍላዮት ኣምላል ካብ ሱዳን ይመጽኡም ነይሩ፡ ሶማንያ ዝኾና ኣምላል ከኣ ተጻዒነን ናብ ብሌቓት ይመጽኣ ነይረን፡ ኣብ መጀመርያ እዋን ክፍሊ ሰንቲ ኣብ ብሌቓት እኳ እንተነበረ ድሓር ግን ናብ እማሂሚመ ሞጊዘ፡፡ እቲ ብኣምላል ገይርካ ናብ ብሌቓት ዝቐድ ዝበረ ሰንቲ ናይ ምጉዓዝ መሳርሒ ድሜ ብሎሪ ዝይይዞን መሳይን ሱዳን ክቐድ ጀሚሩ፡፡ እተን ሎሪ ከኣ ካብ ከበጊ ቅሮራ ተበጊሰን ብሙባእን መጥባሕን ሓለረን ናብ እማሂሚመ ይኣተዋ ነም ገበራ ተኽስተ መስፍን ኣብ ሎሚ ኮይኑ ይዜርቦ፡፡

ድሕሪ ታዕሊም ተኽስተ ናብዞን ኣብ ከበጊ ናቕፋ ብፍላይ ድሜ 500 እትፍለጥ ቦጣሊ ከቢድ ብረት ተመዳበ፡፡ ሸው ካቡየም ኣብ ናቕፋ ገበሩ ኣዘዙቲ ናይቲ ወግኢ ስወኢ ዓ/ሊ ሰይድ ዓብደሉ ሓሊፉ ክፍሊ ሕቶምና ደማ ፍዝዞ ወልደንዘርኡል ነይሩ፡፡ ኣብቲ ቀዳመይቲ ዕለት ንምሕራር ከዞማ ናቕፋ ኣብ ዝዞንበረ ወግኢ ደማ ብብርቱዕ ተወጊኡ፡፡

ተጋዳላይ ተኽስተ መሳፍን ብዕለት 17 መስከረም 1976 ካብ መሳዋኣቲ ንዋራ ወጺኡ፡፡ ኣብ ታሪኽ ኣሃዱ መጥባሕቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ቀዳማይ ዕወት መጥባሕቲ ዝዘኸደሉ ኮይኑ፡፡ ኣብ ዝመጸኣ ዕለት 17 መስከረም 2026 መባል 50 ዓመት መውጋኢቲ ክብሕር’ዩ፡፡ ተኽስተ ንድሕሪት ተመሊሱ ብዘሰ’ቲ ዘጋጠሞ መውጋኣትን ዝዞንበረሉ ሕቶምናን ከዕልል ከሎ ነዋዚ ይብል፡

“ዶክተር ተኽስተ ናይ ሸው ሓኪም ግንባር ናቕፋ፡ መዓንጣይ ንደገ ወጺኡ ምስ ረኣየ ሸበድብድ እዩ ኣሊ፡፡ ዶክተር ብርሃና ሃይለ እውን ነምኣ፡፡ ንብርሃን፡ ከሉ ዘድሊ መጠባበሒ ቀልጠፋ ክትቁራርብ ሓብሩዎ፡፡ መውጋኢተይ ብርቱዕ ሰለ ዝበረ፡ ሰብ ክኸውንየ ወይ ደማ ዳምማይ ህይወት ክህልወኒ እዩ ዝብል እምነት ኣይነበረንን፡፡ መሳዋኣተይ ርገጽየ ገይረያ ነይረ፡፡”

ይቐጽል



ካብ ጸጋም ናብ የማን ካልኣይ ዶክተር ተኽስተ፡ ስወኢ ዓ/ሊ ሰይድ፡ ስወኢ ፍዝዞ ወልደንዘርኡልን ካልኦትን

ካብ ቅርስታት ሰውራና

ብዛዕባ ድፋዓት ግንባር ናቕፋ እንታይ ትፈልጡ፧ ናሹራ

ናሹራ ካብዞን ብዙሓት ኣብ ቀደሕ ባሕሪ ዘለዎ ደሴታት ሓንቲኻ ትኸውን እያ፡፡ ብየሽ ንኽለን ዓበለላ ጸብለል ዝበሉት’ያ፡፡ እዚ ከኣ ምኽንያት ኣለዎ፡፡ ንቐደቲ ኢጣልያንውያን ናይ ሓጋፍነት መንፈስ ንዘለዎም ተቓለስቲ ኤርትራውያን ስሚዒት ተቓወሞኦም ናብ መኣኪ ህዝቢ ከይልስም ምእንቲ፡ ኣብቲ ብኽሉ ሸነኻት ብዮሚቑ ማይ ባሕሪ ዝዞሓጽረት ደሴት ናሹራ ወሰደም ዲሕደርዎም ነበሩ፡፡ እቲ በት-ማእሰርቲን መቓብርን ናይ’ዞም ሓጋፍነት ክሳብ ሎሚ ህያው ኣለ፡፡ ስለዚ፡ እዚ ሰሞ’ዚ ካብ ደሴታት ቀደሕ ባሕሪ ናብ ግንባር ናቕፋ ዝዞናገረሉ ሓደ መተኣሳሰሪ ነጥቢ ክህሉ ግድን’ዩ፡፡

ናሹራ ኮቲ ኣብ ሓሬናን ጋል ደንደንን ዝህሉ ሓይለ ጸላኢ፡ ብየበኡ ኮይም እግራ ሕልኽልኽ ዝበሉ ከኣ ብዘይዳ ኣዚየ ቀረባን ብመንነነትኡ ዝጀደዋን ሰለ ዝኾኑት ኣቡኣ ዝዓርድ ሰራዊት ወገኑ ከሉ ምኽኣልኾኑ ብጾም ከደናዕ ክኸውን ይግደድ፡፡ በዚ ምኽንያት እዚ፡ ብቐትሪ ክትሸይን’ውን ሰለ ዘይትኽእል ኣብቲ ብጾም ዝዘኸነጥኣለ ዕርዲ ተሓዲርካ ትውዕል፡፡ በዚ ኸኣ ተጋደልቲ ናሹራ ዝበል ሰም ሂሞ፡፡ ቀደማ ምእታወት ከሉ ዘድልዮ እንተ ዘይኣማእእካ - ክትሸይን ክትመጣእን ንፋስ ክትወሰድን ኣይትኽእልን ኢ’ኻ፡፡ ርእሲ ሱቡን ጥይትን ክሳብ ጹሓይ ዘለ ክተሓልዎዮን ዝወሰነ ነይረን፡፡

መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕቶታት

1.102 ኣየር ወለድ ክ/ጦር (ብጽምእን ውግእን ተሰኒፉ ኣዛዚኡ ተመስገን ገመቹ ድማ ተቐቲሉ፡፡)
2. ሐ/ ውግእ እግራ-መኸል 16 መጋቢት 1999
3. ሓርነት ኣፍዓበት 06/04/1977
4. ሀ/ ሚያዝያ (27/04/1984)
5. ባጽዕ፡ ዓዲ-ቀይሕን ባረንቱን

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞላስ

VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.

Senior Trainer Fixed- Plant Electrical and Instrumentation Training Officer
Number required – (01)
Type of contract –definite (02 Years)

Major Duties and responsibilities
• To develop, coordinate and monitor training in process maintenance for both experienced fixed plant electrical personnel and electrical trainees.
• Close supervision and on the job guidance and monitoring of skills development of trainees to develop sufficient skills to maintain independently.
TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS
Health and Safety
• Maintain all necessary processes and procedures as outlined in the Training Management System.
• Model and promote expected behaviors, with emphasis on desired values, safe work practice, punctuality, efficiency and quality of work.

Accreditations
• Impart required process electrical and instrumentation skills and knowledge in accordance with prescribed curriculum, programs and standards.
• Conduct training needs analysis and develop training plans for process maintenance electrical and instrumentation personnel and contribute towards production of teaching schedules and other training associated administration
• Conduct assessment and testing as required and maintain accurate records of all training and assessment activities

Training and Assessment
• Coordinate training in process electrical and instrumentation maintenance for both experienced plant electricians and trainees.
• Develop and modify process training and assessment material where directed.
• Contribute towards production of teaching schedules and other training associated administration.
• Conduct assessment and testing as detailed in curriculum.
• Maintain accurate records of all training and assessment activities.
• Engage with departments to ascertain their needs.
• Develop training content, research, pull together material and seek approval on said content from the coordinator.

Staff Leadership
• Supervise and provide on-the-job guidance to the trainees.
• Conduct assessments to establish current competencies and report on same in areas where competency gaps are identified.
• Monitor progress of process trainees and provide coaching and instruction as required.
• Apply vocational guidance and counselling as needed

Profile: Qualifications and Experience

• Formal Education, Certifications or Equivalents	• Bachelor's degree in electrical engineering. • Workplace Trainer and Assessor IV
• Working Experience – Nature & Length	• Minimum of 5 years' generalized experience in Process Plant maintenance, with previous facilitation experience, of which 2 years should be in a supervisory capacity. • Previous training experience in the mining industry is essential.
• Technical Skills	• Extensive theoretical and practical experience, knowledge and understanding of fixed plant electrical & instrumentation • Excellent teaching and facilitation skills. • Possess a knowledge of competency-based curriculum. • Effective interpersonal and communication skills. • English language ability (spoken and written). • Advanced computer skills. • Experience preferred in Gold Processing environment • Extensive experience in High Voltage, PLC, Instrumentation • Valid Driver's License
• Behavioral Skills	• Approachable | Assertive | Continuous Learning | Dedicated | Goal Oriented | Influential | Initiative | Leadership | Pro-Active | Reliable | Results Driven | Safety Conscious | Technically Inclined | Organized

UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION
Strong ability to train, mentor and build a competent electrical maintenance team.

• General Information and other requirements:

• Place of Work: AMSC Site
• Type of contract: definite Period
• Salary: As per the Company salary scale

• Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

• Address: Please mail your applications to.
• Asmara Mining Share Company,
• P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
• Applicants shall be required to send a copy to:
• Mineral Resources Management
• P.O. Box – 272
• Asmara
• Note to Eritrean applicants:
□ Please send a copy of your application to
□ Aliens Employment Permit Affairs,
□ P. O. Box 7940 Asmara, Eritre

ደቂ ሰውራ ኤርትራ

ካብ ሰነዳት

ምሕረትኣብ መድሃኔ
ማ/ቤ/ጽ ህግደፍ

ሓደ ጉጅለ ጀርመናውያን ኣብ ሓምለ 1978 ኣብ ገለ ካብቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ካብ ጎበጣ ኢትዮጵያ ሓራ ዝወጹ ከባቢታት ኤርትራ ዑደት ገይሩ ነይሩ። እቶም ጀርመናውያን ናብ ሃገሮም ምስ ተመልሱ ከኣ፡ ኣብቲ ሽዑ ኣብ ጀርመን ዝሕተም ዝነበረ "Arbeiterkampf" (ቃልሲ ሰራሕተኛታት) ዝተሰምየ ጋዜጣ፡ "ደቂ ሰውራ ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ ሓደ ዓንቀጽ ጽሒፎም። ብልዑል ደረጃ ንቕሓት "ህጻናት ሰውራ" ከም እተመሰጡ ድማ ይገልጹ። እዚ ዝስዕብ ካብቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝተጻሕፈ ዓንቀጽ ተቐንጪሉ ዝተወስደ እዩ።

ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብ1976'ዩ ተመስሪቱ [ኣብ ዜሮ ዝበሃል ቦታ]። ክምስረት እንከሎ ብ300 ህጻናት'ዩ ጀሚሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ [እቲ ዓንቀጽ ኣብ ዝተጻሕፈሉ 1978] ከኣ 1100 ህጻናት ምስ 50 መምህራንን 50 ኣለይትን ኣለዉዎ። [ኣብቲ ዓንቀጽ፡ 50 teachers and 50 student teachers እዩ ዝብል።]

ብጾይቲ ናስራ ናብ መጀመርታ ዕስራታት ትኾማዐም ሓንቲ ካብ ኣለይቲ'ያ። ንኣወዳድባ ቤት ትምህርቲ ከኣ ብኸምዚ ዝስዕብ ትገልጾ፥

"እዚ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮን ከም ሓንቲ ጥርንፍቲ ቁሸት ወይ ዓዲ ክግለጽ ይከኣል። ህጻናት ከከም ዕድሚኦም ኣብ ጋንታታት ይምደቡ። እዘን ጋንታታት ከኣ ኣብ መሳርዕ ይኽፈላ። ነፍሲ ወከፍ መሰርዕ ካብ 20 ክሳብ 30 ህጻናት ዝሓዘት እያ። ሓደ ኣላዪ ወይ መምህር ከኣ ንሓንቲ መሰርዕ ይከታተል።"

እቶም ህጻናት ካብ ኣለይቶምን መምህራኖምን እኹል ፍቕርን ክንክንን ይረኽቡ። ኩነታት ኣብ ዝጸንከረሉ [ኲናት ኣብ ዝበርትዓሉ]፡ ኣለይቲ በጃ'ዞም ህጻናት ንምሕላፍ ድልዋት ይኾኑ፣ ከይሰንበዱን ከይደሃሉን ከኣ የማእዝኑዎምን ይመርሑዎምን። ኣለይቲ፡ ስነ-ሓሳባዊ ዓቕሚ'ዞም ህጻናት ንምዕባይን ባህሊ ምትሕግጋዝ ንምትብባዕን ይረባረቡ። ቀንዲ ኣተኩሮ ኣለይቲ፡ ኣብ መንጎ'ዞም ህጻናት ሓድነትን ፍቕሪን ምኹስኳስ'ዩ። ውጽኢት ናቱ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ኣብ መንጎ'ዞም ህጻናት ዝርአ ባእሲን ግጭትን ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል።




ደቂ ሓንቲ መሰርዕ ምስ ኣለይቶም፡ ብሓባር ይበልዑን ይድቅሱን [ደቂ ዓባይ ድስቲ]። ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ኣኼባ የካይዱ፣ ኩሉ ጸገማት ከኣ ምስ ኣለይቶምን መምህራኖምን ብኸፉት ይዝትዩሉ። ካብ ኣመጋግባ ክሳብ ስርዓት-ትምህርቲ (curricula) ኣብቲ ኣኼባ ይዝተየሉ። ርእይቶታትን ሕቶታትን ሓባራዊ መረዳእታ ወይ መፍትሒ ክሳብ ዝርከበሎም ኣኼባ ኣይዕጾን። ሓደ-ሓደ ግዜ፡ ህጻናት ዘልዕሉዎም ሕቶታትን ርእይቶታትን ምስ ክውንነት ዝዛመዱ ስለዘይኮኑ፡ ኣለይቲ ኣይቅበልዎምን፣ ብሰሩ ከኣ ርሱን ክትዕ ይግንፍል። ኣብ ሓደ ካብ ኣኼባታት፡ እቶም ተመሃሮ እንግሊዘኛ ምምሃር ክቑረጽ ኣትሪሮም ተማጒቶም። መንተኦም፡ "እንግሊዘኛ፡ ሃጺያዊ ቋንቋ ምዃኑ ከይኣኽሎ፣ ቃላቱ ስለ ዘመሳሰል እውን ንምምሃሩ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ። ስለዚ ስለምንታይ ክንመሃሮ ንግደድ" ዝብል ነበረ። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ፡ ኩሉ ካልእ ትምህርቲ ተሪፉ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ጥራይ ክመሃሩ ጠሊቦም። ህጻናት ሰውራ፡ ንነብሶም ከም ተጋደልቲ'ዮም ዝርእዩዋ። ብሉጻት ተጋደልቲ ንምዃን ከኣ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ጥራይ እኹል እዩ ኢሎም ይኣምኑ። ኣለይቲ፡ መምህራንን ሓለፍቲን ህግሓኤ፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ሕቶታት ናይዞም ህጻናት ብዝግባእ ክምልሱ ወትሩ ምስ ጸዓሩ'ዮም። ብዓቢኡ፡ ኩሎም ኣባላት ህግሓኤ፡ ነዞም ህጻናት ከም መምህራን፡ ወለድን ብጾትን ኮይኖም'ዮም ዝኣልዩዎም።

ብዙሓት ካብዞም ህጻናት፡ ንዕድመኦም ዘይምጥን ከቢድን ዘስካሕክሕን ተሞክሮታት ዝሓለፉ'ዮም። ስለዚ፡ ተርእዮታት ጸቕጢ በሰላ ኩናት



ዘይተርፍ'ዩ። ስነኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ህጻናት ንምቅላል፡ ብዛዕባ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ባህሪ ኩናትን ብቐጻሊ ኣስተምህሮን ምኽሪን ይወሃቦም'ዩ። ብዙሓት ካብዞም ህጻናት፡ መልክዓት ኩናትን፡ ኣብ ኩነተ ኩናት ዝግበር ናይ ምንባር ስትራተጂን ብዝግባእ ይፈልጡ'ዮም። ሓደስቲ ህጻናት ኣብ መጀመርታ ምስ ናብራ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ክላማመዱ ይጸገሙ እዮም። ህጻን ኳንኳ፡ ካብ ስድራቤትካን ከባቢ'ኻን ርሒቕካ ክትነብር ቀሊል ብድሆ ኣይኮነን። ብዙሓት ህጻናት፡ ብዘይ መዕቀቢ ቤትን ወለዲን፡ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ግዳምን ክፉት ኣየርን ምውዓል ምልማዱ ይኸብዶም'ዩ። መንፈስን ሞራልን ህጻናት ንምሕላው፡ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ይካየድ'ዩ። ድሕሪ'ዚ ሓፈሻዊ ኣኼባ'ዚ ከኣ ህጻናት፡ ኣብ መጋርያ ከቢቦም ይዘናግዑ፣ ይዝምሩ፡ እንዳ ተቐባበሉ ከበሮ [ናይ ጀሪካን] ይሃርሙን ብሓባር ይስዕስዑን። ብዙሓት ካብቶም ደርፍታት ባዕሎም



እቶም ህጻናት ዘደረሱዎም ኮይኖም፣ ብዛዕባ መዓልታዊ ህይወቶም፡ ጅግንነት ኤርትራውያንን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነትን ዝገልጹ'ዮም።

እቲ ቤት ትምህርቲ ሓደ ዓቢ ቤት-መጽሓፍቲ ኣለዎ። ዝበዝሑ መጽሓፍቲ፡ ብእንግሊዘኛ፡ ትግርኛን ትግረን [ትግራይት] ዝተጻሕፉ'ዮም። ብዙሓት ካብቶም ብህግሓኤ ዝተተርጎሙ ጽሑፋት ሌኒንን ማኦን እውን ኣብዚ ቤት-መጽሓፍቲ ተሰሪዖም ይርከቡ። ተመሃሮን መምህራንን ድማ ክሳብ መሬት ዓይኒ ዝሕዝ ኣብዚ ቤት-መጻሕፍቲ'ዚ ከንብቡ ይርኣዩ።

እዞም ጀርመናውያን በጺሖቲ ኣብ ሓንቲ ናይ ክሊ ዕድመ 10-11 ክፍሊ ብምእታው ንኩነታት'ቶም ተመሃሮን ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብቐረባ ተዓዚቦም። ብልዑል ፖለቲካዊ ንቕሓት ናይዞም ህጻናት ከኣ ኣመና ተመሲጦምን ተገሪሞምን። 'ህጻናት ሰውራ'፡ ኣዝዮም ሓተትቲ እዮም። ኑቶም ጀርመናውያን ከኣ፡ ምስ ኩነታት ምዕራብ ጀርመን፡ ኩነታት ሰራሕተኛታትን ህጻናትን ኣብ ጀርመን፡ ከምኡ'ውን ጀርመናውያን ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎም ደገፍን ዝኣመሰለ ዝተፈላለየ ሕቶታት ኣቕሪቦሙሎም። እዞም ህጻናት፡ ብዛዕባ ቤት ትምህርቶም ዝፈትውዎ ነገር ክጠቕሱ ምስ ተሓተቱ፡ "ትምህርትና፡ ንኹሉ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ጠቓሚ እዩ"፣ "ቀደም ሃብታማት ጥራይ'ዮም ክመሃሩ ዝኽእሉ ነይሮም፣ ሕጂ ግን ድኻታት'ውን ክመሃሩ ዕድል ኣለዎም" ዝብሉን ካልእ ዝተፈላለየ መልሲታትን ሂቦም።

ህዝባዊ ግንባር፡ ዓበይቲን ንኣሽቱን ክመሃሩሉም ዝኽእሉ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብቲ ዝቆጻጸሮ ከባቢታት [ሓራ መሬት] ከፊቱ ኣሎ። መሰረታት ውዳብ ናይቲ ውድብ ከኣ ብዛዕባ ኣገዳስነት ትምህርቲ ንሓፋሽ ከንቅሑ ይጽዕሩ። ኣብኡ ከይተሓጽሩ ግን፡ መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ልዑል ጻዕሪ ይገብሩ። ምኽንያቱ፡ ቁጠባዊ ደረጃኡ ዘይተመሓየሸ ህዝቢ፡ ደቁ ናብ ቤት ትምህርቲ ክልእኽ ብዙሕ ኣይተባባዕን'ዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ዝወሃብ ትምህርቲ 'መሃይምነት' ንምጥፋእ'ዩ። ምስ ካልኦት ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ብምውድዳር፡ ኤርትራ ዝሓሸ ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ እኳ እንተሃለዋ፣ እዚ ኣንጻር ኢትዮጵያ ዘካይድ ዘሎ ኩናት ግን፡ ሞያዊ ስልጠና ብቐጻሊ ክወሃብ ዘገድድ'ዩ።

ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣርኣያ (model) ናይቲ ህዝባዊ ግንባር ክሃንጾ ዝደሊ ስርዓት ትምህርቲ'ያ። ሓድሽ ስርዓት ትምህርቲ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ'ዩ ዝፍተን። ውጽኢቱ ምስ ተራእየ ከኣ፡ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ከም ዝዝርጋሕን ዝትግበርን ይግበር። መምህራን ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ሓደስቲ መጽሓፍቲ ኣብ ምድላውን ምርታዕን ምስ ተጸምዱ'ዮም። ክሊ ዕድመ ናይዞም 1100 ዝበዝሑም ተመሃሮ ካብ 3 ክሳብ 15 ዓመት ኮይኑ፣ 40% ካብኦም ከኣ ደቀንስትዮ'የን። ልዕሊ ፍርቂ ካብዞም ህጻናት ኣብ ሱዳን ኣብ ዝርከቡ መዓስከራት ስደተኛታት ካብ ዝኑበሩ ስድራቤታት ዝመጹ እዮም። ብዙሓት ካብኣቶም ዘኽታማት ክኾኑ ከለዉ፡ ኣስታት ሓደ ሲሶ ድማ ደቂ ተጋደልቲ'ዮም። ካብዚኦም እቶም ኣስታት 10%፡ ሰቦኽ ሳግማዊ ህይወት ካብ ዘለወን ስድራቤታት ዝመጹ'ዮም። ዝበዝሑ ሰቦኽ ሳግማዊ ህይወት ዘለዎም ዜጋታት፡ ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ካብ ምኻድ፡ ጥሪት ክሕልዉ ስለዝደልዩዎም፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰዱዎም ኣይደልዩን እዮም። ህዝባዊ ግንባር፡ ሰቦኽ ሳግም ኣብ ሓደ ከባቢ ክጥርነፉን [ቀዋሚ ናብራ ንኽመርሑ] እንተወሓደ ሓደ ቆልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰዱን ብዙሕ ጻዕሪ ይገብር ኣሎ።

ኣቐዲሙ ዝነበረ ስርዓት ትምህርቲ ኤርትራ፡ ብኤርትራውያን ዝተዳለወ ስለዘይኮነ፣ ንክውንነትን ድሌታትን ኤርትራ ዘንጸባርቕ ኣይነበረን። እቲ ናይ ቅድም ስርዓት ትምህርቲ፡ ብኣመሪካውያን ዝተዳለወ ስለዝኾነ፣ ብዛዕባ ታሪኽን ጂኦግራፊን ኣመሪካን ኤውሮጳን'ዩ ዘስተምህር። ንኤርትራ ዝምልከት ትሕዝቶ ፈጺሙ ስለዘይእንገድ ከኣ፡ ህጻናት ብዛዕባ ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ትሕዝቶ ኣይመሃሩን'ዮም። እቲ ዝገደደ ከኣ፡ ሙብዛሕትኡ ትምህርቲ ብቋንቋ ኣምሓርኛ'ዩ ዝወሃብ።

ህዝባዊ ግንባር ነዚ ፍጹም ቀይሩዎ'ዩ። ህጻናት፡ ቋንቋ፡ ሳይንስ፡ ስነ-ጥበብን ስፖርትን ዝርከቡዎም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ [ብኤርትራዊ ቋንቋታት] ይመሃሩ ኣለዉ። ህጻናት ፍትወት ስራሕን ግብራውነትን ክሓድሮም፡ መግቦም ባዕሎም የዳልዉን [እቶም ንኣሽቱ ይተሓጋገዙ] ጀራዲኖም ባዕሎም የልምዑን ይኹስኩሱን። ስፖርት፡ ምስ መባእታ ወተሃደራዊ ስነ-ፍልጠት ዝተዛመደ'ዩ። ህጻናት፡ ብዛዕባ መሰረታውያን ተግባራት ምንቅስቓስ፡ ርእሰ ምክልኻል ኣብ ወተሃደራዊ ኩነታት፡ ጥንቃቐታትን ኣገባብ ምክልኻልን ካብ ደብዳብ ነፈርቲ፡ ከምኡ'ውን ቀዳማይ ረድኤት ይምሃሩ። ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ምንቅስቓሳት [ኣክሮባት] ስለዘዘውትሩ ከኣ፡ ድልዱላትን ጥንኩራትን'ዮም።

መምህራን ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ህጻን ክእለትን ዝንባለን ንምዕባይ ይጽዕሩ። ድኹማት ተመሃሮ ፍሉይ ቀላሕታን ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ከኣ፡ ተወሳኺ ትምህርቲን [ሓገዝ] ይወሃቦም። ሓደ መምህር ከም ዝበሎ፡ "ጻዕርና፡ ህጻናት መሃዝቶም ንኸዕብዩ ምትብባዕ'ዩ፣ ስለዝኾነ ከኣ፡ ሃካይ ኮነ ሰነፍ ተመሃራይ የብልናን።"



ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ይቕጽል



ብርኃቱ ዝዘሉ ስፖርታዊ ውድድራት ኣብ ምህልዓል ዝርኸቡ ወሸሞዊ ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ብዋዕሞት ከነሰ እግሪን መርዝሸን ቀጺሉ ቐንዱ።

ንዋዕሞት ከነሰ እግሪ ኣመልኪቱ ንተዓሸነ ዛዚፈታ ናይቲ እዚ ኣብ ዝለኣኽልና ዛዚፈታ፡ ኣብ ናይ ደቂኣንስትኖ፣ ዓዲርሶ ንኣውጽኦ 4ብዐ፡ ኣልጌን ንዓላ 2ብዐ፡ ኔቦር ንበድህ 1ብዐ፡ ተወለ ንኣውጽኦ 5ብዐ፡ ቖጥር ንዓዲርሶ 1ብዐ፡ ባርኣ ንዓላ 2ብ1 ረቲያንአን። ቀጺለን ውድድራት ኣብ ዙዳዳ ፓንታታት ድማ፡ብድህ ምስ ኣልጌን ብዘይ ሽዮ ክፈላለያ ኘስሞ፡ ተወለ ምስ ቖጥር 1ብ1 ወጺኤን። ኔቦር ንኣውጽኦ 7ብዐ፡ ኣልጌን ንተወለ 3ብዐ፡ ባርኣ ንበድህ 1ብዐ፡ ዓላ ድማ ንዓዲርሶ 2ብ1 ረቲያንአን። ብዘመሳስል ስፖርታዊ ሜጦት፡ ውድድራትን ኣብ ዘለኣለ ናይ ደቂተባእነኖ ፓንታታት ድማ ኑቦ ኣብ ልዕሊ ኣውጽኦ ናይ 4ብ1 ዓውት ከዘመዝንብ እኽሎ ባርኣ ንቖጥር 3ብ1፡ ተወለ ንበድህ፡ ኣልጌን ንኣውጽኦ ብዘመሳስል ወጽኢት 1ብዐ፡ ቖጥር ንኔቦር 2ብ1፡ ዓዲርሶ ንበድህ 1ብዐ፡ ቖጥር ንኣልጌን 2ብ1 ክረትዐአን እኽለዋ፡ ተወለ ምስ ባርኣ 1ብ1፡ ከምኣውን ዓዲርሶ ምስ ዓላ 0ብ0 ብዋወጽኢ ሃዝቢ ተመቐደአን።

ስፖርታዊ ሜጦት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ኣብ ዝመጽእ ሰመናት ውድድራት ከነሰ ሴክያት ብዋሓትኣተታው ክቐጽል ምዃኑ ኣቲ ዝዘጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኣርሰናል፡ ንሲቲ ኣርኪብኪ ሕለፍኒ ትብላ ዘላ ትመስል

ካልኣይ ምኽን ኣየረብርባን ድዩ፡



ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ፕሪመር ሊግ ብፍላይ ነታ መራሒት ዘላ ኣርሰናልን ትሰዓባ ዘላ ማኑቸስተር ሲቲን ሒዝና ዘለና ወርሒ. ሚያዚያ ወሳኒት ወርሒ እዩ። ናይ ሚኸኤል ኣርቴታ ኣርሰናል፡ ድሕሪ 2004 ጽዋእ ፕሪመር ሊግ ናብ ከቡሓ ንምኽታው ኣብ እትቃለሰሉ ዘላ እዋኑ ኣብ ልዕሊ ማኑቸስተር ሲቲ ናይ ትሸዓት ነጥቢ ጸብለልታ ጨቢጣያ ትግሊ ሜጦማ ኣለኣሰሉ።

ኣርሰናል፡ ጽዋእ ፕሪመር ሊግ ንምዕታር ከኣሉ ተኻእሊታት ኣብ ኢዳ ሒዛ፡ ነታ ኣብ መሳልል ፕሪመር ሊግ መባል 13 ደረጃ ዝዘረታ ቦርንማውዝ ናብ ሜዳኣ ዝዓደመታ። ኣርሰናል፡ ሲቲ ነቲ ሎሚ ምስ ቸልሲ ዘለዋ ጸወታ ቅድሚ ምኽያዱ ናይ ነጥቢ ፍልልይ ናብ 12 ንምድያብ እያ ተጠቢሑ።

ኣርሰናል፡ ኣብ ክልተ ዘጌታዊ ሜጦም ተረቲዱ ኣብ ኻሞንየንስ ሊግ ዓውት ብምምዝጋብ ሜኑ ዝ. ኻኽውዱ ሒደት ሜጦም፡ ተሪፍዎ ዘሎ ፕሪመር ሊግ ምስ ሞሪላ'ያ ኣትያቶ። እንተኾነ ኣብ ጉዒ ሜዳኣ ክልተ ሽዮ ሰስዘተቐጸረ፡ ብቦርንማውዝ ናይ 2ብ1 ኣሰናዊ ስዕረት ክትውሕጦ ተገዲዱ።

ሚኸኤል ኣርቴታ ኣብ ወርሒ ሚያዚያ 44% ዓውት ጥራይ እዩ ዘለዎ። ኣብ መወዳኣታ ካብ ዙዳዶ ኣርባዕተ ሜጦም ከኤ ኣብ ሰለስተ ሜጦም ተሳዒሩ። በዚ ድማ ዝ ወርሒ ብኣሸንዩዲ ወጽኢት መዚአዋ ደርጊቡ። ኣርቴታ፡ ዝ. ብቦርንማውዝ ዝወረዶ ስዕረት፡ "ነብድ ጸናዒት" ክብል'ዩ ድሕሪ ጸወታ ገለጹዎ።

ቦርንማውዝ ኣብዚ ናይ ትግሊ ሜጦም ካብ ምጅማር ጸወታ ንጸወት ዝመጹት ጋንታ መሳለ'ያ ቐሪቡ። ኣብ መባል 17 ደቒቕ ከኤ ካብ ጆጃር ክሩፒ ሽዮ ብሞርጎብ መረሕነት ሒዙ። ኣብ መባል 35 ደቒቕ ግን ክርስቲ ኣብ ክሊ. ልዳቱ ዝነሰኦ ብኢዱ ብምትንፋሩ ኣርሰናል ፍጹም ቅኣ ረኸቡ። ጆኒረሽ ናብ ሽዮ ብምልዋጡ ንጸወታ ከመሓራ ክኢሉ።

ኣርሰናል፡ ድኽም ብቐዮት ቁዳማይ ኣብረ ፈዊነ ዝነብምለስ ትጸበትኦ እንተነገረሉ፡ ቦርንማውዚያ በለጸ ተራኢዩ። ኣብ መባል 74 ደቒቕ ካብ ኣሊክስ ሸነት ሽዮ ብምውሳኻ 2ብ1 ክትዕወት ክኢሉ። ቦርንማውዝ ኣብ 12 ሜጦም ከይተሳዕረት ብምቐጻል ከኤ ንፉልሃም ብሓንቲ ነጥቢ በለጸ ታሻዒዱ ደረጃ ሐዚ(ፋልሃም ጋዚጣና ኣብ ሕቶመት ነለ ጸወታኣ ትግሊ ኣቑዲ'ያ)።

ኣርሰናል፡ ግዲ ካልኣይ ምውጽኢ ዘይተመዝዋ ኮይኑ፡ ንሲቲ፡ ኣርኪብኪ. ሕለፍኒ ትብላ ዘላ ክትመስሎ ዕድላ ክትሕሸዎ ትረኽ'ላ። ሲቲ፡ ሓንቲ ጉያሉ ጸወታ ሐዚ ሎሚ ኣንጻር ቸልሲ. ክትዋሃም'ያ። ነዚ ጸወታ ተተግዚታትሉ ከኤ ፍልልዮን ናብ ሽዳሽት ነጥቢ. ብመውራድ፡ ዝመጽእ ሰሙን ንኣርሰናል ክትዕድማ'ያ።

እዚ ናይ ትግሊ ስዕረት፡ ነታ ድሕሪ 22 ዓመት ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ንምዕታር እተቋምት ዘላ ኣርሰናል፡ ሓያል ጸናዒት'ዩ። ተንተንቲ ስፖርት'ውን ንቦቐዮት ኣርሰናል ብዝበፍታ'የም ዝገልጽዎ ዘለዉ። ኣርቴታ ግዒ ኣብ ጸብቐ ኣቃወማ ምህዞም ብምግምጋፍ፡ ንተጻወትቲ ኣብ ከነሱ ተሪፍዎም ዘሎ ሜጦማት ንቃልሲ. ክዳለው ኣዛናኺሩ ኣሎ።

ድሕሪ ስዕረት ኣርሰናል ከነሸን ኣዒንቲ ናብ ናይ ሎሚ ሜጦም፡ ናብ ሲታንሄርድ ብረጅ የቋምታ ኣለዋ።

ርያል ማድሪድ፡ ተቓውሞ ተቐርብ



ርያል ማድሪድ፡ "ቐነዕ ኣብ ዘይትሓ ውድድር ኣይንከፍፍኤ" ብምባል ኣብ ልዕሊ ፊደረሽን ከነሰ እግሪ ሰጽኖ ዘለዎ ተቓውሞ ገሊጹ።

ርያል ማድሪድ፡ "ዘይፍትሓውን ትኽክል ዘይትሓ ናይ ዳኝነት ስርዓትን" ዝብል ክሲ ኣብ ልዕሊ. ምምሕጻር ፊደረሽን ከነሰ እግሪ ሰጽኖ ብምቐራብ ምስቲ፡ ፊደረሽን ዝመራ ከነሱ ትሓለዊ ርክብ ነም ዘይከነሉዩ ሓቢሩ።

ብመሳረት ጋዚጣታት ሰጽኖ ዝዘርግሐኡ ሓቢሩ፡ ሓደ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ርያል ማድሪድ ዝኸሓ ሀዚ ኣንጀል ሳንቾዝ ኣብዚ፡ ሓደሽ ስርዓት ዳኝነ ንምጽዳቅ ዝዘንበረ ኣኸባ ድሕሪ ምህታፉ፡ ማድሪድ ዝ. ሰምሰዕ ነም ዘይትዛመነሉ ብምምልኽት ኣብ ናይ መወዳኣታ ደቒቕ ኒቲ ኣኸባ ረገጹ ወጺኡ።

ማድሪድ ናብዚ ውሳነ ክዝብጽሕ ናይ መወዳኣታ ድርኺት ዝኸፉ፡ እቲ ብቐድሚ ትግሊ. ምስ ጃሮና ዘጠደዮ ማምሖ'ዩ። ሓለፍቲ፡ እታ ክሉቡ ዝ. ኣቕረሞ ዘለው ማድሪድ ኣቡዚ፡ 1ብ1 ብምዝዛም ክልተ ነጥቢ ዝኸሰረትሉ ማምሖ ናይቲ፡ ዕሉት ሜኽ፡ እኸል ናይ ቪድዮ መርትዖ እኽለዎ፡ ኣብ ልዕሊ. ምጥፐ ዝተፈጸመ ክልተ በይል፡ ዝተፈላለየ ኣ ተ ሓ ሕ ዛ ብ ም ኽ ታ ል ፡ ወገንኡ ኣርእዩ ክትባል ወቒዱ።

ማድሪድ ዝ. ዚጋጠማ ኩነታት፡ "ቐነዕ ዘይነካ ዳኝነ፡" ብምባል፡ እቲ፡ ፊደረሽን ክሰዕ ምስእ ብምስእ ናይ ዳኝነ ምምሕያሽ ዝዝበር፡ ምስቲ፡ ፊደረሽን ዘለዎ ርክብ ነም ዘይተሓደሶ ትገልጾ።

ሓለፍቲ፡ እታ ክሉቡ ዝ. ኣቕረሞ ዘለው ተቓውሞ፡ "እስና ፍትሒ. እምባር ሓለፉ ኣይክነን ንሓትት ዘለና፡ ኣብ ልዕለና ዝገበር ዘሎ ዘይፍታሓውን ዘይጸወርንዩ" ብምባል ተቓውምኡም የሰሞዉ ኣለዉ።

ርያል ማድሪድ፡ ነጥባ ብሸሽ. ዘይቅነዕ ዘበሉዩ መሳርሒ ዳኝነ ይጥድላ ነም ዘሎ ብምሕዝና፡ ናይ ዳኝነ ስርዓት ሰጽኖ ክትብ ዝመሓዙቤ ኣብ መርጫኣ ጽዪን ክትቐጽል ምዃና ሓቢሩ።

ጆንየር ክሩፒ ሓደሽ ታሪኽ ኣጽሒፉ



ወዲ 19 ዓመት ኣጥቃዓይ ቦርንማውዝ ጆጃር ክሩፒ፡ ትግሊ. ሹዮ ብምቅጻሩ፡ ድሕሪ 2000 ዓ/ም፡ 10 ሽዮ ዘመዝገበ ናይ ፈለማ ትሕቲ፡ 20 ዓመት ተጻዋታይ ኩይኑ።

ክሩፒ፡ ትግሊ. ኣብ መባል 17 ደቒቕ ኣብ ልዕሊ. ኣርሰናል ሹዮ ብምምዝጋቡ፡ ዝ. ንክሪ ድሕሪ 26 ዓመት ክክዝ ቦዘው ዘሎ። ክሩፒ፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ. ወቕቲ፡ ኣብ መንበር ተቐጻጺጡኻ ኮና ይብል እንተነበረ፡ ድሒሩ ግን ወሳኒ ተጻወታይ ቦርንማውዝ ክነሸውን ክኢሉ ደርጊቡ። እዚ. ተጻዋታይ፡ ብጁጋማይ እግሩ ካብ ሳዱን ወጺኡ. ብዘመጣጥሎ ሹዮታትን ተጠምዩ፡ ኣጥቃዓይ ክነሸውን በዚ፡ ዘሎ'ዩ።

ካብ ሉሪንቱ ናብ ቦርንማውዝ ዝመጸኡ ጆጃር ክሩፒ፡ ንኣርሰናልን ማኑቸስተር ዩናይትድን ሓዚኽ ኣብ ልዕሊ. ግዘይኽ ክሰዩ ሹዮ ብሞቑጽር ሶሙ ክነሱልዕ እኽለሙ። ዘኽሰ ኣመዚጋቢ ሹዮ ቦርንማውዝ ብምዃንውን ክብረወሰን ኢታ ክሉብ ክክዝ ክኢሉ ኣሊ።

ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ ርቢ ኪን ኣብ ዓመተ 1999-2000፡ 12 ሽዮታት ብሞቑጽር ዝ. ክብረወሰን ሐዚም ገጀንሐ ተጻዋታይ እዩ።

"ኣነ ካብ ፍራንክ ወይ ቱዶር ኣይበልጽን'የ፡" ደ ዘርቢ



ኣብዚ. ወቕቲ፡ ስፖርት ሳልሳይ ኣልጫሚ ቶተንሃም ኩይኑ ዘሎ ደ ዘርቢ፡ ሎሚ ሰንበት ንቶተንሃም መሪሑ ፈለማ ሜጦሙ፡ ኣንጽር ሳንደርላድ ክቅይድ'ዩ።

ደ ዘርቢ. ዝ. ቀዳማይ ጸወታኡ ኣመልኪቱ፡ ኣብ ዝለ መግለጺ፡ ካብዩም ቅድሚኡ ዝሰሩ ኣልጫጠንቲ፡ ቶተንሃም ዝበለጸ ነም ዘይትሓ ገሊጹ። ደ ዘርቢ፡ ዝሓለፈ. ወርሒ. ነቲ፡ ካብ ሓመቸት ናይ ሊግ ሜጦም፡ ሓንቲ፡ ነዋኒ ዝኸበ ኢጣር ቱዶር ተካኢ፡ ንሓመቸት ዓመት ምስ ቶተንሃም ክጀንክ ዝኸኦመ ኣልጫጫ'ዩ።

ናይ ቅድም ኣልጫጫ ማርኴ ዝሰረ ደ ዘርቢ፡ ዊክት ሃም ነታ ኣብ ዳሕረዋይ ደረጃ ዘላ ዎልቭስ 4ብ0 ብሞርትዓ ንቶተንሃም ኣብ ተርታ ተመሳሲቲ፡ ጋንታታት ሰሪንኩሉ ኣብ ዘላ ግዜ'የ ጸወታኡ ገሊጹዎ።

ደ ዘርቢ፡ ንሰሲቲ ክለባት ማለት ንሳቲ፡ ሻክታር ዶኔስክን ማርሴን መሪሑ ኣብ ዙዳዶ ፈለማ ሜጦም ዓውት ነሞዝዝቦ ዝኸኦለ'ዩ። ሉሚ ንኣ ነታ ዓውት ተሓሊምዋ ሰንጨልክል ትብል ዘላ ቶተንሃም ጸዋእ ዓውት ክቐምጣ ናብ ሳንደርላንድ ክጉዓዘ'የ።

ተጸቢት ደቓቲ፡ ቶተንሃም ኣብ ሚማት ዙኒተው እዚ. ኢጣልያዊ ኣልጫጫ፡ "ኣነ ካብ ቶማስ ፍራኽ ወይ ኢጣር ቱዶር ዝበለጸኩ ኣይኮንኩን። ንዕኦም ነም ብሉጽት ኣልጫጠንቲ እየ ዝርእዮም። ይኸን እምባር ናተይ ቅዳ፡ ባርን ባሆን ሐዘ ብምምጻኡ ተጻወትተይ ዝበለጸ ብቐዳዶም ነም ዝገበርዎ ክንዮር'የ።" ኣሉ።

ቶተንሃም ኣንጽር ሳንደረልንድ ካብ ዙዳዶዶ 15 ናይ ፕሪመር ሊግ ሜጦም፡ ኣብ ሳርተ ብምዕዋት፡ ኣብ ሓመቸት ማእረ ብምወጻኡ ስዕረት ከይወሰደት ኣለኣሰሉዩ። ሉሚኸ፡ ምስ ሓደሽ ኣልጫጫኣ ትሰዕር ዶ ዋኣ ናይ ምኦኮልቋል ገዛዚኣ ትቐጽል፡ ሰዒት 4 ድቓ ገምሰስ ሕዶ ክነሸውን'የ።

ኣንቶንዮ ጎርደን ናብ ኣርሰናል

ኣርሰናል፡ ዝመጽኡ ወቕቲ፡ ስፖርት መሳመር ምዋቅዓ ንምድልዳል፡ ንናይ ንዚመሳሰል ኣጥቃዓይ ኣንዞጽ ጎርደን ነም ኣማሪጺ. ተማእደዎ ኾም ዘላ ተገለጸ።

ጎርደን፡ ብዘለዎ ተሳጽጺሪ ብቐዳነን ዘርእዮ ሓያል ጸብጽ ካብ ሃዊስ ሜዘ ኣብ ዓይኒ ኣርቴታን ኣዕሉት ኣርሰናልን ኣቲዩ ኾመገጽንሐ ምንቅቴታት ኣርሰናል ይገልጹ።

ኣርሰናል፡ ኣብ ጁጋማይ ክንፊ፡ ኣብ መሃነ ሚርቲልን ትርሳርደንን ዝዘሎ ውድድር ሓይሊ. ንኽክወሰኽሱ፡ ካብ ዘለዎ ድላዩ ንጎርደን ነም ኣማሪጺ. ወሲዱዮ ትርከቡ፡ ብዘመሳስል ዓመት ኣብ ውድድራት ፕሪመር ሊግን ሻምፕየንስ ሊግን ንዘለልዎ ቅልሰ ድርኺ ንምፍጣር፡ ነም ጎርደን ዝኡመሳሉ ተጻወትቲ ኾም ዘገድስዎ'ያ ትገልጽ።

ጎርደን፡ ኣብ ኒውካስል ብዘርእዮ ዘዩቋርጽ ጸብጹን ዘርእዮዎ ሹዮን ብድርኩቲ እታ ክሉብ ፍትወ'ዩ። ይኸን እምባር ዋኦሜ ናይ ምዕታርን ኣብ ሻምፕየንስ ሊግ ናይ ምህታፍን ብዘለዎ ባህ፡ ንጸወዲት ኣርሰናል ሓንጹይ ኣሉ ንክብለሎ ትጸበት ይግበረሉ።

መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ክሪስታል ፓላስ - ኒውካስል 4፡00 ድ.ቐ

ሳንደርላንድ - ቶተንሃም 4፡00 ድ.ቐ

ኖቲንግሃም ፎረስት - ኣስቶን ቪላ 4፡00 ድ.ቐ

ቸልሲ. - ማን.ሲቲ 6፡30 ድ.ቐ

ሰኑይ

ማን.ዮናይትድ - ሊድስ 10፡00 ድ.ቐ

ተረኛ ፋርማሲ
በት መሻጥ መድሃኒት ኣሰመራ
ፋርማሲ ኣሸፋ
ፋርማሲ ካቴድራል

ዕለት
12/04/2026

ጎደና
ጎደና ሓርጉ ቁ. 93-95፡ ጥቓ መባዲ ኣደር ኣርትራ
ጎደና ከልዓውታ ቁ.57 ኣንፈደ ነብ. ኣንዳ ዓሊ. በሰት
ጎደና ዶጋሊ. 171-65 ነብ. ኣልፈርማጭ ጥቓ ኣንዳ ኣርሲ. ጋራጅ

ቁ.ስልኪ.
120491
07157709
127188

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Gabur Printing Services